# መጽሔት

# ትምህርቲ ሰንበት

ሕዳር - ታሕሳስ 2022

እምነት ክርስቶስ ቤተ ክርስትያን

## *ናይ እምነት ክርስቶስ ቤተ ክርስትያን*
## *መጽሔት ትምህርቲ ሰንበት*

*መጽሔት ትምህርቲ ሰንበት እምነት ክርስቶስ ቤተ ክርስትያን፣ ካብ ንሽድሽተ ዓመት ዝተዳለወ ኣርእስትታት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ። ብዙሕ ካብቲ መግለጺ ሓሳባት ካብ ናይ ፐልበት መጽሓፍን ካብ ናይ ካልኦት መጽሕፍቲ ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ ዚገልጽን ዝተዋጽኤ እዩ። ቀዳማይ ሕታም ኣብ እምነት ምስዮን ደቀምሓረ ኤርትራ ተጻሕፈን ተሓትመን፣*


| *ዕለት* | | *ኣርእስቲ* | *ገጽ* |
|---|---|---|---|
| ሕዳር | 6/ | ዝተጨቘኑ ህዝቢ | 3 |
| ሕዳር | 13/ | ኣተዓባብያ ሙሴ | 8 |
| ሕዳር | 20/ | ሙሴ ንእስራኢል ኬድሕን ተጸውዐ | 13 |
| ሕዳር | 27/ | ኣብ ግብጺ ዝወረደ መዓት | 18 |
| ታሕሳስ | 4/ | መጀመርታ ፋስጋ ኣይሁድ | 23 |
| ታሕሳስ | 11/ | ምስጋር ቀይሕ ባሕሪ | 28 |
| ታሕሳስ | 18 | ትንቢት ቀዳማይ ምጽኣት ክርስቶስ | 33 |
| ታሕሳስ | 25 | ልደት የሱስ | 38 |

## ዝተጨቈኑ ህዝቢ

### ቅዱስ ጽሑፍ - ዘጽ. 1፡7-14

7- ደቂ እስራኤል ተፋረዩ፡ ሰሰኑ፡ በዝሑ ድማ። ኣዝዮም ከኣ በርትዑ፡ እታ ሃገርውን ብኣኦም መልኤት።

8 - ኣብ ግብጺ ከኣ ንዮሴፍ ዘይፈልጥ ሓድሽ ንጉስ ተንስኤ።

9 - ንሱ ድማ ንህዝቡ፡ እንሆ፡ ህዝቢ ደቂ እስራኤል ካባና በዝሑን በርትዖን፡

10 - እምበኣርከ ከይበዝሑ እሞ፡ ውግእ ምስ ዚለዓለና፡ ንሳቶም ድማ ምስ ጸላእትና ሓቢሮም ከይዋግኡና ካብዛ ሃገርውን ከይወጹ፡ ንዑ ንጣበበሎም፡ በሎም።

11 - ብብርቱዕ ዕዮ ምእንቲ ከጭብቡሎም ከኣ ኣዘዝቲ ሸሙሎም። ንፈርኦን ድማ ፊቶምን ራዕምሴስን ከተማታት ሪቕ ሰርሑሉ።

12 - ብመጠን እቲ ዘጽበቡሎም ግና ክፀዳኡ ሰሰኑ፡ ክንዳኡ ከኣ ተዘርግሑ እሞ፡ ብደቂ እስራኤል ይጭነቑ ነበሩ።

13 - ግብጻውያን ንደቂ እስራኤል ብጭከና ኣዕየይዎም።

14. ንህይወቶም ድማ ብብርቱዕ ዕዮ፡ ብባዕጥን ብጡብን ብኹሉ ዕዮ መሮርን በቲ ኹሉ ዜዕይይዎም ዕዮ ብምጭካን ኣመረርዎም።

**ዚጽናዕ ጥቕሲ፡** ረድኤትና ብስም እቲ ሰማይን ምድርን ዝገበረ እግዚኣብሄር እዩ። መዝ. ዳዊት 124፡8።

### መዓልታዊ ትምህርቲ

**ግዜ፡፡** ከምቲ ብዙሓት ዝብልዎ፡ እቲ ጊዜ ናይ ሎሚ ትምህርትና ካብ ሞት ናይ ዮሴፍ ብ1635 ቅ.ል.ክ. ክሳዕ ምላድ ሙሴ 1571 ማለት 64 ዓመት ዚጥቕልል እዩ።

**ሰፈር፡፡** ኣብ ግብጺ ኣብ ምድሪ ጎሼን።

**ቀንዲ ሓሳባት፡፡** ከምቲ ብሩር ኪጸሪ ብርቱዕ ሓዊ ዘድልዮ፡ ከምኡ ሰብ ናብቲ ኣምላኽ ኪባርኾ ዝኽእል ኩነታት ንኽበጽሕ፡ ብብርቱዕ ፈተናታት ኪሓልፍ ናይ ግዲ እዩ።

መግለጺ

1. **ጉዕዞ ናብ ግብጺ።** ኣምላኽ ንያእቆብን ደቁን፡ ምእንቲ ብቑዓት መንግስቲ ኣምላኽ ዝቑሙ ህዝቢ ጌይሩ ኪምህሮም ደልዩ፡ ብመሪሕነቱ ናብ ግብጺ ኣምጽኦም።

ኣብተን ቀዳሞት ኣርባዕተ ጥቕስታት ናይዚ ምዕራፍዚ፡ ስማት ናይቶም ሓለቓታት ናይ ነፍስ ወከፍ ነገድ ተዋሂቡ ኣሎ። ነፍስ ወከፍ ሰብኣይ ምስ ስድራ ቤቱ መጸ። ካብ ግብጺ ኪወጹ ከለዉ ሽድሽተ ሚእቲ ሽሕ ኰይኖም ነበሩ።

ኣብ ጥቕሲ 6 ዮሴፍን ኣሕዋቱን፡ እቲ ወለዶ ኵሉን ከም ዝሞቱ ነንብብ። ዮሴፍ ን17 መት ኣብ ቤቱ ኣብ ኬብሮን ተቐመጠ፡ ን10 ዓመት ከም ባርያ ኣብ ግብጺ ተቐመጠ፡ ንሰለስተ ዓመት ኣብ ቤት ማእሰርቲ፡ ን80 ዓመት ከኣ ኣብ ግብጺ ከም ገዛኢ ተቐመጠ። ንደቂ ደቁ ከኣ ክሳዕ ሳልሳይ ወለዶ ረኣየ። ዘፍ. 50፡ 23።

2. **ቅልጡፍ ኣበዛዝሓ ናይ እስራኤላውያን፡፡** ጥ.7። "ደቂ እስራኤል ተፋረዩ፡ ሰሰኑ፡ በዝሑ ድማ።" እዚ መፈጸምታ ናይቲ ኣብ ዘፍ. 46፡3 ዘሎ ትንቢት እዩ። ኣብዛ ጥቕሲ እዚኣ ሓሙሽተ መግለጺ ናይቲ ቕልጡፍ ኣበዛዝሕኦም ንርኢ። 1) ተፋረዩ። 2) ሰሰኑ። 3) በዝሑ። 4) ኣዝዮም በርትዑ። 5) እታ ሃገርውን ብእኦም መልኤት። ብዕዮ ዝደልደለ ኣካላት ስለ ዝነበሮም እዮም ብርቱዓት ዝኾኑ። ቅድም ሒደት ስድራ ቤት እዮም ነይሮም፡ ብቕልጡፍ ጊዜ ግና ዓብዪ ጭፍራ ኮኑ። ካብ ግብጺ ኪወጹ ከለዉ፡ ሰብኡት ጥራይ ሽድሽተ ሚእቲ ሽሕ ነበሩ። ኵሉ ከኸሎም ክልተ ሚልዮን ኣቢሎም ኰኑ። ኣምላኽ ስለ ዝባረኾም ከኣ ካብ ግብጻውያን ንላዕሊ በዝሑን ተፋረዩን።

3. **ሓድሽ መንግስቲ።** ጥ. 8። መንግስቲ ናይቶም ዮሴፍ ከሎ ዝነበሩ ነገስታት ተገምጠለት። ብዛዕባ ዮሴፍ ዘይትፈልጥን ዘይትግደስን ሓዳስ መንግስቲ ከኣ ተንስኤት። እቲ ሓድሽ ንጉስ ከኣ ዛንታ ህይወት ናይ ዮሴፍ ፈጺሙ ዘይፈልጥ ነበረ።

4. **ዘመን ጭቕና።** ጥ. 9-14። እቲ ሓድሽ ንጉስ ነቶም ህዝቡ፡ "እንሆ፡ ህዝቢ ደቂ እስራኤል ካባና በዝሑን በርትዑን፡" በሎም። ከምቲ እዚ ንጉስ ዝበሎ እስራኤላውያን ካብ ግብጻውያን ይበዝሑ ነይሮም ክንብል ኣይንኽእልን፡ ግናኸ ብርግጽ ካብኦም ይሕይሉ ነበሩ። ኣብ መ. ዳዊት 105፡24 "ንህዝቡ ከኣ ኣዝዩ ኣብዝሖ፡ ካብ ተጻረርቱውን ኣበርትዖ፡" ይብለና።

ፈርኦን ከኣ፡ "ንዑ ንጣበበሎም፡" በሎም። እታ እስራኤላውያን ተቐሚጦምዋ ዝነበሩ ምድሪ ጎሼን፡ ንሕርሻ ዝበለጸት ወገን ነበረት። ብዘይካዚ ከኣ፡ ምድሪ ጎሼን ብዙሕ መከላኸሊ ዕርዲ ዘይነበራ ወገን ናይ ግብጺ ነበረት። ግብጺ፡ ብምዕራባ ናይ ሰሃራ ሑጻ መከላኸሊ ነበራ፡ ብምብራቓ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብሰሜና ማእከላይ ባሕሪ፡ ብደቡባ ከኣ ኣኽዑን መከላኸሊ ነበራ። ኣብ መንጎ ማእከላይ ባሕርን ቀይሕ ባሕርን ግና ሓንቲ ንእሽቶ ድልድል ናይ መሬት፡ 112

ኪሎሜተር ዝርሕቀታ፡ ነበረት። ነጻነት ናይ ግብጺ ኣብዛ ድልድል እዚኣ ተታሒዙ ነበረ። ዝከፋ ይኹን ጸላኢ ከኣ ንግብጺ በዛ መገዲዚኣ ኣቢሉ ይኣትዋ ነበረ። እታ እብራውያን ዝቕመጡላ ዝነበሩ ምድሪ ጎሸን ከኣ ጥቓዛ መገዲዚኣ ነበረት።

ምስቶም ጸላእቶም ከይሓብሩ ጥራይ ዘይኮነስ፡ እስራኤላውያን እንተከፉስ እቲ ካብኦም ዝመጽእ ግብሪ ከይጐድሎም ይፈርሁ ነበሩ። ኲሉ ስርሓት ብእኦም ይግበር ስለ ዝነበረ፡ እንተ ከፉ ስራሕ ግብጻውያን ከይበኲር ከኣ ይፈርሁ ነበሩ።

ስለዚ "ኣዘዝቲ ሸመሎም።" በብጉጅለ እናገበሩ ከኣ ኣብ ትሕቲ ግብጻውያን ኣዘዝቲ ብሓይሊ ኣሰርሕዎም። እቶም ኣዘዝቲ ብብርቱዕ ዕዮ ኣጽበቡሎም። ዕላማ ናይዚ ምጭቋንዚ ከኣ ከምዚ ዝስዕብ ነበረ፡- 1) ነቲ ስጋዊ ሓይሎም ኬጥፍኡ። 2) ትብዓቶምን መንፈሶምን ሞራሎምን ኪሰብሩ። 3) ብድኽሙትን ሕማምን ድማ ኬውሕድዎም። 4) ምናልባሽ ከኣ ካብ ተስፋ ምቑራጽ ዝኣክል፡ ምእንቲ ደቆም ከምቲ ናቶም ናብራ ከይበጽሖም ኢሎም፡ ባዕሎም ኪቕትልዎም፡ ኢሎም ይከፉ። ብብርቱዕ ጭቈና እናተገዝኡ ከኣ ከተማታት ሪቕ ሰርሑ።

**5. ዘይስዓር ጸላኢ፡፡** ንጉስ ግብጽን መሳፍንቱን ኣንጻር መደብን በረኸትን ናይ ኣምላኽ ኪሰርሑ ኣይከኣሉን። ኲሉ ጊዜ ሓጥኣን ንደቂ ኣምላኽ0 ኬጥፍኡ ምስ ዚጋደሉ ኣይኮነሎምን እዩ። ክርስትና ብመስጕጕቲ እያ ዝዓበየትን ዝተዘርግሔትን። ናይ ሰማእታት ደም ከኣ ፍረ ናይ ማሕበር ክርስቶስ ኮነ። ግብጻውያን ንእስራኤላውያን ኪስዕርዎም ኣይከኣሉን፡ ብመጠን እቲ ዘጽበብሎም ክንድኡ ሰሰኑ፡ ክንድኡ ከኣ ተዘርግሑ።

ግብጻውያን ብእስራኤላውያን ኣዝዮም ተጨነቑ፡ ይፈርህዎም ከኣ ነበሩ። ስለዚ መመሊሶም ኬጽብቡሎም መደቡ። ኣብ ዝተረክበ ናይ ቀደም ስእልታት፡ ብዙሓት ሰራሕተኛታት ኣዝዩ ከቢድ ጾር ተሰኪሞም፡ ኣብ ልዕሊኦም ከኣ ኣዘዝቲ ደው ኢሎም፡ ይርኤ። ብዝገበርዎ ንኣሽቱ ኣበር፡ ብሓለንግግን በትርን ኣብ ጥራይ ሕቈኦምን መንኲቦምን ይዝበጡ ነበሩ። እቲ ዕዮ ኣዝዩ ከቢድን ብርቱዕን ነበረ፡ ብርቱዕ ሙቐትውን ነበረ። ምስናይዚ ከኣ ዝኣክል መግቢ ኣይነበሮምን።

"ህይወቶም ድማ ብብርቱዕ ዕዮ፡ ብባዕጥን ብጡብን ብከላ ዕዮ መሮርን በቲ ከላ ዜዕ ይይዎም ዕዮ ብምጭካን ኣመረርዎም።" ኣብቲ ኣእማን ዘይርከበሉ ቦታታት፡ ንመስርሒ ህንጻታት ዝኾውን ጡብ ኪገብሩ ናይ ግዲ ነበረ። ከምዚ እናገበሩ ከኣ ሓያለ ከተማታት ሰርሑሎም። እቲ ፒራሚዳት ግና ነዊሕ ዝመናት ቅድሚ ደቂ እስራኤል እዩ ተሰሪሑ። ጺቶምን ራዕምሴስን ዝተባህላ ከተማታት ሰርሑሎም፡ ካብ ማእከላይ ባሕሪ ክሳዕ ቀይሕ ባሕሪ ዝበጽሕ መንደቕ ከኣ ሰርሑ።

**6. ብጸበባ ዝርከብ ትምህርቲ፡፡** ኣብዚ ብርቱዕ ቤት ትምህርቲ፡ ደቂ እስራኤል ብዙሕ ጥቕሚ ዘለዎ ነገራት ተማህሩ።

1) እቲ ኣብ እስራኤላውያን ዝመጸ ጸበባ፡ ዘይግብኦም መቕጻዕቲ ኣይነበረን። እስራኤ ላውያን ኣብ ግብጺ ምስ መጹ፡ ከምቶም ኣብ ዙርያኦም ዝነበሩ ህዝቢ ክፍኣትን ርክሰትን ኪገብሩ፡ ንጣኦታትውን ኪምልክዑ - መሩ። እዚ ከኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሓጢኣት ስለ ዝኾነ፡ ብዘይ መቕጻዕቲ ኪሓልፍ ቅኑዕ ኣይኮነን። ኣምላኽ ሓጢኣት ናይ ህዝቢ እኳ እንተ ኾነ፡ ከይቀጽዔ ትም ኣይብሎን እዩ።

2) ጊዜ ኣምላኽ ምስ ኣኸለ፡ ምእንቲ ንግብጺ ጸሊኦምዋ ኪጸንሑ እሞ፡ ፈትዮም ካብኣ ኪወጹ፡ እዚ ጸበባዚ ኣድላዪ ነበረ። ንግብጺ እንተ ዘይጸልእዋ፡ ከምቲ ብዙሕ ዓመታት ድሕርዚ እዋንዚ ኣብ ባቢሎን ዝገበርዎ፡ ብተድላን ሃብትን ጥሪትን ናይ ግብጺ ምተዓዘሙ እሞ፡ ናብቲ ድንገት ዝመልኦ መገዲ ከንኣን ኪጕዓዙ ኣይምፈተውን ነይሮም። ከምኡ ድማ ደቂ ኣምላኽ፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ከም ቤቶም ጌይሮም ኪቕስኑ ኣይግባእን። ብዝኾነ እዋን ናብታ ኣዝያ ዝበለጸት ሰማያዊት ሃገር ኪኸዱ ድሉዋት ኪኾኑ ይግባእ። እብ. 11፡16።

3) ጭቈና ካብ ግብጻውያን ፈለዮም። ካብ ምሳታቶም ምውሳብ ኰነ ካብ ጣኦታቶም ምምላኽ ፈለዮም። ኣምላኽ ንእስራኤላውያን ኣብ ዝኸዱዎ ብሕግታትን ስርዓታትን ካልእ ነገራትን ጌይሩ፡ ኣውራ ካብ ኣምልኾ ጣኦታት እዩ ኪፈልዮም ዝጋደል ዝነበረ።

4) እቲ ጭቈና፡ ሓደ ህዝቢ፡ ሓደ ዝጓሂኡ፡ ሓደ ዝድንገቱ፡ ሓደ ዝተስፋኡ፡ ሓደ ዝመደቡ፡ ንምኳን ሓገዞም። ጸላኢ ናይ ሓደ ህዝቢ ነቶም ህዝቢ ከም ዝሓብሩ ይገብሮም።

5) በቲ ጭቈና ምስ ተማረሩ፡ ብውሽጦም ናብ ኣምላኽ ኣቦታቶም ኪምህለሉ - መሩ። ናይ ሃይማኖቶም ስምዒት ሓደሮም እሞ፡ ነቶም ናይ ግብጻውያን ኣማልኽቲ ከም ጸላእቶም ቈጸርዎም። ኣምላኽ ነቦታቶም ዝሃቦ ተስፋታት ተዘከሮም፡ ነዚ ተስፋታትዚ ኪፍጽሞ ዚኽእል ንሱ ጥራይ ከም ዝኾነ ከኣ ተረድኡ።

6) ተቐበልቲ ናይ ሓድሽ ትእዛዛትን ትምህርትን ኪኾኑ ከኣ ኣዳለዎም። በዚ እዋንዚ እስራኤላውያን ካብ ሕግን ስርዓትን ቅርጽን ናይ ሃይማኖት ግብጻውያን ኣዝዮም ዝተፈልዩ ነበሩ።

**7. ባርነት ሓጢኣት፡፡** ባርነት ናይ ግብጻውያን፡ ምልክት ናይቲ ንብዙሓት ሰባት ጨቍኑ ዘሎ ባርነት ሓጢኣት እዩ። ሓጢኣት ልክዕ ከም ባርነት ናይ ግብጻውያን፡- 1) ጨቋንን ብርቱዕን እዩ። 2) ካብኡ ንምምላቕ ክትሃድም ምስ እትጋደል፡ መሊሱ የጽብበልካ። 3) ደምሳስ ናይ ህይወትን ሓጕስን እዩ። 4) ሰባት ንኣምላኽ ደኣ እምበር፡ ንሰይጣን ከገልግሉ ኣይተፈጥሩን፡ ስለዚ ሓጢኣት ባህርያዊ ነገር ኣይኮነን። ሓጢኣት ንተሓሳሰባን ንነፍስን ናይ ሰብ ጠዋውያ ንሰይጣን ከም ዘገልግል ትገብሮ። 5) ሓጢኣት ፍትሒ የብላን። ግብጻውያን ነቶም ከም ኣዕ

ሩክፆም ኰይኖም ዝተጸግዕዎም ህዝቢ፣ ባሮት ኪገብርዎም መሰል ኣይነበሮምን። 6) ባርነት ናብ ኣምላኽ ሓገዙን የጠምት። 7) ሕማቕ ኣመልን ስስዔን ክፉእ ሓሳባትን ምልክት ናይ ባርነት ሓጢኣት እዩ። 8) ካብ ባርነት ሓጢኣት ምውጻእ ኣዝዩ ባርቱዕ እዩ። 9) ካብኡ ሓራ ንምውጻእ ካብ ኣምላኽ ዝተላእከ መድሓኒ የድሊ። ኣምላኽዐ ንሙሴ እንተ ዘይልእከሎም፣ ደቂ እስራኤል ካብ ባርነት ኣይምወጹን ነይሮም። ሰብ ከኣ ብዘይ ደም ናይ የሱስ፣ ካብ ባርነት ሓጢኣት ኪወጽእ ኣይምከኣለን ነይሩ። ብደም የሱስ ዝነጽሄ እንተ ዘይኰይኑ፣ ኵሉ ሰብ ኣብ ሓጢኣት እዩ ዚነብር። "ይዋእ ኣነ ምግዱር ሰብ፣ ካብዚ ናይ ሞት ስጋስ መን ኰን ኬድሕነኒ እዩ? ንኣምላኽዐ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ስብሓት ይኹኖ። ሮሜ 7፡24-25።

### ሕቶታት

1. ስለምንታይ እዮም ደቂ እስራኤል ኣብ ግብጺ ዝቕመጡ ዝነበሩ?
2. ከመይ ኰይኖም እዮም ብሓጺር ጊዜ ዓቢ ህዝቢ ዝኾኑ?
3. ስለምንታይ እያ ግብጺ ብእስራኤላውያን ዝተሸገረት?
4. ግብጻውያን ከመይ ጌይሮም ኪጭቁንዎም መደቡ?
5. ሳዕቤን ናይ ምጭቋኖም እንታይ ነበረ?
6. ጭንቂ ከመይ ጌይሩ በረኸት ይኸውን?
7. ባርነት ግብጻውያን ብከመይ መገዲ ንባርነት ሓጢኣት ይመስል?

### መረድኢ

## ጥቕሚ ናይ ፈተና

ከምቲ ከዋኽብቲ ኣብ ኣዝዩ ጸልማት ዝኾነ ለይቲ ኣዝዮም ዝበርሁ፣ ከምኡ ድማ ደቂ ኣምላኽ ኣብ ዝበርትዔ ፈተና ኣዝዮም ዕውታት ይኾኑ። ኣዝዩ ምስ ጸበቦም፣ ኣዝዩ ይርህዎም። ቅኑዕ ብምግባሮም ብሰብ ምስ ዚጽልኡ፣ ብኣምላኽዐ ሞገስ ይረኽቡ። ብመጠን እቲ ውግኦም፣ ስዕረቶም ክንዳኡ ይኸውን። ምብዛሕ ዓወቶም ከም ምብዛሕ ጭንቆም ይኸውን። ኣብ መስጐጕቲ ይዝርግሑን ይስስኑን። ስለዚ ጸበባ ንደቂ ኣምላኽዐ ኣየጥቕዮምን እዩ፣ ሓጋዚኦም ደኣ ከፀይኑ ይርከብ። ድሕሪ ጸበባ ዝመቀረን ዝጠዓመን ጸጋ ኣምላኽዐ ይርከብ።

ቡንያን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ከሎ፣ ኪሰብኽዐ እናደለየ፣ ብዙሓት ከኣ ኪሰምዕዎ ሃንቀው እናበሉስ፣ ስለምንታይ ኣምላኽዐ ንዓሰርተው ክልተ ዓመት ኪዕጾ ከም ዘፍቀደ፣ ኪርድኦ ኣይከኣለን። እዚ ሕጂ ክንርድኦ እንክእል፣ ሽዑ ኪርእዮ ኣይከኣለን። በቲ "መገዲ ክርስትያን" ዝብል በዚ እዋንዚ ዝጸሓፎ መጽሓፉ፣ ኣብ ክንዲ ነሽሓት ንሚልዮናት፣ ኣብ ክንዲ ንዓመታት ንዘመናት ይሰብኽዐ ኣሎ።

## ኣተዓባብያ ሙሴ

### ቅዱስ ጽሑፍ - ዘጽ. 1፡22, 2፡1-10

22- ሽዑ ፈርኦን ንኹሉ ህዝቡ፡ እተወልደ ወዲ ዘበለ ናብ ርባ ደርብይዎ፡ ኵለን ኣዋልድ ግና ብህይወተን ሕደግወን፡ ኢሉ ኣዘዘ።

1 - ሓደ ሰብኣይ ካብ ካብ ቤት ሌዊ ከይዱ ጓል ሌዊ ኣእተወ።

2 - እታ ሰበይቲ ድማ ጠነሰት፡ ወዲውን ወለደት። ንሱ ጽቡቕ ቈልዓ ምዃኑ ምስ ረአየት ከኣ፡ ሰለስተ ወርሒ ሓብኣቶ።

3 - ደጊም ምሕባኡ ምስ ሰኣነት፡ ሳጹን ሻምብቆ ወሲዳ ብቕጥራንን ብዝፍትን ለቕለቐቶ፡ ነቲ ቈልዓ ናብኡ ኣእትያ ድማ፡ ኣብ ገምገም ርባ፡ ኣብ ሰልሰላ ኣንበረቶ።

4 - ሓብቱ ድማ እንታይ ከም ዚረክቦ ክትፈልጥ፡ ርሕቕ ኢላ ደው በለት።

5 - ጓል ፈርኦን ከኣ ክትሕጸብ ናብ ርባ ወረደት። እተን ኣግራዳ ድማ ገምገመገምገም እቲ ርባ ይዛወራ ነበራ። ኣብ ማእከል ሰልሰላ ሳጹን ረአየት እሞ፡ ገረዳ ሰዲዳ ኣምጽኣቶ።

6 - ከፊታ ድማ ነቲ ሕጻን ረኣየቶ፡ እንሆ ከኣ እቲ ቈልዓ ይበኪ ነበረ። ደንጊጻትሉ ድማ፡ እዚ ካብ ሕጻናት እብራውያን እዩ፡ በለት።

7 - ሽዑ እታ ሓብቱ ንጓል ፈርኦን፡ ካብተን እብራውያን ኣንስቲ ነዚ ሕጻንዚ እተጥብወልኪ መጕዚትዶ ክጽውዓልኪ ክኸይድ? በለታ።

8 - ጓል ፈርኦን ከኣ፡ ኪዲ፡ በለታ። እታ ጓል ድማ ከደት፡ ነደ እቲ ሕጻን ከኣ ጸውዓታ።

9 - ጓል ፈርኦን ድማ ነዚ ሕጻንዚ ወሲድኪ ኣጥብውለይ፡ ኣነ ከኣ ዓስብኪ ክህበኪ እየ፡ በለታ። እታ ሰበይቲ ድማ ነቲ ሕጻን ወሲዳ ኣጥበወቶ።

10 - እቲ ሕጻን ከኣ ዓበየ፡ ናብ ጓል ፈርኦንውን ኣምጽኣቶ። ወዳ ድማ ኰነ። ካብ ማይ ኣውጺኤዮ እየ ኢላ ስሙ መሴ ኣውጽኣትሉ።

**ዚጽናዕ ጥቕሲ፡፡** ኣጥቢቑ ስለ ዘፍቀረኒ፡ ከናግፎ እየ። መዝሙር ዳዊት 91፡14።

## መዓልታዊ ትምህርቲ

**ጊዜ፡፡** ሙሴ ብ1571 ቅ.ል.ክ. ተወልደ። ናይ ሎሚ ትምህርትና ክሳዕ ሙሴ ወዲ ኣርብዓ ዓመት ዝኸውን፡ ማለት ክሳዕ 1531 ቅ.ል.ክ.፡ ዚጥቕልል እዩ።

**ሰፈር፡፡** ርእሲ ከተማ ናይ ግብጺ በዚ እዋንዚ፡ ብእብራውያን ዞዓን፡ ብቛንቋ ግሪክዐከኣ ታኒስ፡ ትብሃል ነበረት። ኣብ ገምገም ፈለግ ኒል ከኣ ትርከብ ነበረት።

**ግብጺ።** በዚ እዋናትዚ፣ ግብጺ ኣዝያ ጽብቕትን ዓባይን ነበረት። ኣብ ኵሉ ዓለም፣ ንእኣ ዝወዳደር ኣይነበረን። ሮሜ ጌና ኣይተሰርሔትን፣ ግሪክውን ከኣ በዓቲ ጐሓሉትን ከተርትን ነበረት። ኣብ ምሉእ ዓለም፣ ብትምህርቲ ኾነ ብህንጻታት፣ ብሃይማኖት ኰነ ብዝኾነ ዓይነት ስልጣኔ፣ ንግብጺ ዝወዳደር ኣይነበረ።

**ቀንዲ ሓሳባት፡፡** ኣብዚ ናይ ሎሚ ትምህርትና፣ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ኵሉ ምልኪ ከም ዘለዎ፣ ነቶም ናቱ ከኣ ወትሩ ከም ዚሓልየሎም፣ ንጹር መረድኢ ክንርኢ ንክእል። እምነት ኣብ ኣምላኽ ምህላው፣ ነቲ ኣዝዩ ድኹም እኳ ፈጺሙ ኪልውጦ ይክእል እዩ።

**መግለጺ**

1. **መሴ ኣብ ከመይ ዝበለ ኵነታት ከም እተወልደ።** ዘጸ.1፡22። ፈርኦን ምእንቲ ንሞራሎም ኪሰብር፣ ንምውጋእን ንምህዳምን ዝነበሮም ሓይሊ ድማ ኪድምሰስ ኢሉ፣ ንቘጽሪ ደቂ እስራኤል ከውሕዶ ሓሰበ። ምእንቲ ኣዝዩ ከጽብበሎም ኢሉ ከኣ እቲ ዝበርትዔ ሕጊ ኣውጽኣሎም። እተወልደ ወዲ ዘበለ ናብ ርባ ደርብይዎ፣ ኢሉ ኣዘዘ። ሙሴ ካብ ከምዚ ዝተጨቐኑ ህዝቢ እዩ ዝተወልደ።

**ንእስነት ሙሴ፣** ጥ.2-4። ስድራ ሙሴ ቅድሚኡ ዝተወልዱ ክልተ ደቂ ነበርዎም፣ ሓንቲ ሚርያም ትብሃል፣ ዘጸ.15፡20፣ ጓል ሾሞንተ ወይ ትሽዓተ ዓመት ኣቢላ ነበረት። ሓደ ከኣ ኣሮን ይብሃል ነበረ። ንሙሴ ብሰለስተ ዓመት ይዓብዮ፣ ቀድሚ እቲ፣ ኵሎም ኣወዳት ናብ ርባ ይደርበዩ፣ ዝብል ሕጊ ምቛሙ ተወልደ። ዘጸ. 7፡7። ሙሴ ምስ ተወልደ ስድራኡ ጽቡቕ ቈልዓ ምኳኑ ረኣዩ፣ ግ.ሃ. 7፡20 ስለዚ ኣዲኡ ብእምነት ንሰለስተ ወርሒ ዝኣክል ሓብኣቶ።

ኣደ ሙሴ፣ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ኣብ ገዛ ምሕባኡ ምስ ሰኣነት፣ ሳጹን ሻምብቆ ወሲዳ ምእንቲ ማይ ከይኣትዎ ብዝፍትን ብቕጥራንን ገይራ ለቕለቐቶ። ነቲ ቈልዓ ኣብኡ ኣእትያ ከኣ ኣብ ገምገም ርባ ኣብ ሰልሰላ ኣንበረቶ። ሚርያም ሓብቱ ድማ ሰብ ከይፈልጣ ኢላ ርሕቕ ኢላ ትሕልዎ ነበረት።

ስድራኡ ንሙሴ ኬሓብእዎ ከለዉ እንታይ ተስፋ ነይርዎም? ጳውሎስ ኣብ እብ.11፡23፣ ስድራኡ ብእምነት ከም ዝሓብእዎ፣ ይነግረና። እቲ፣ ደቂ እስራኤል ሓራ ከም ዚወጹ ዚነግር፣ ተስፋታት ናይ ኣቦታቶም ኣብርሃምን ዮሴፍን ይፈልጥዎን ይኣምንዎን ነበሩ። ምናልባሽ እዚ ጽቡቕ ቈልዓዚ ንህዝቡ ሓራ መውጽኢዶ ከመይ ይኸውን? ኢሎም ሓሰቡ። ኣደ ሙሴ፣ ነቲ ሳጹን ኣብቲ ገምገም ርባ ቅድሚ ምንባራ፣ ኣብ ኢድ ኣምላኽዐ ኣንቢራቶ ነበረት። ኣብ ሓደ ንእሽቶ ሕጻን ተዓቝሩ ዘሎ ጽቡቕ ነገራት ንሕና ክንርእዮ ኣይንክእልን ኢና። ስለዚ ዝኾነ ይኹን ሕጻን ብናይ ወለዱ ጸሎትን እምነትን ተስፋን ኪዓቢ ይግባእ።

2. **ካብ ኣምላኽ ዝመጸ ምድሓን፡፡** ጥ.5-6። በዚ እዋንዚ ኣደራሽ ናይ ንጉስ ግብጺ ኣብ ጥቓ ገምገም ፈለግ ኒል እዩ ነይሩ። እታ ጓል ንጉስ ኣብዚ ርባ ክትሕጸብ ኢላ ምስ ኣግራዳ ወጸት። ኣብ ገምገም ናይቲ ርባ ኪዛወራ ከለዋ፣ እታ ጓል ንጉስ ነቲ ሳጹን ረኣየቶ። ነተን ኣግራዳ ከኣ

ከምጽእኦ ለኣኸቶን። ብመለኮታዊ መሪሕነት፣ እታ ጓል ንጉስ ባዕላ ነቲ ሕጻን ስለ ዝረኣየቶ፣ ኣጸቢቓ ክትግደሰሉ ከኣለት። ርእይ ምስ ኣበለቶ ከኣ እቲ ሕጻን ኪበኪ - መረ እሞ ልባ ተንከፉ። ሕጊ ኪገትኦ ዘይክእል ነገር እንተደኣ ኣልዩ ከኸይኑ፣ ደንጋጺ ልቢ እዩ። ነቲ ሕጻን ስለ ዝደንገጸትሉ ከኣ ኣንጻር ሕጊ ኣቦኣ፣ ከተድሕኖ ከኣለት።

በዚ ግዜና፣ ዝድንግጸሎም ዝሰኣኑ ክንደይ ብዙሓት ቈልዑ ኣለዉ። ከምዛ ግብጻዊት ጓል ንጉስ ዝገበረቶ፣ ኵለን ክርስትያናት ኣዴታት ከኣ እቲ ግቡኤንን ክእለተንን እንተ ዝገብራ፣ ካብ ግዜ ንእስነቶም ንሰይጣን ዝተወፈዩ ሕጻናት ኣይምሃለውን ነይሮም። ብፈሪሃ እግዚኣብሄር ከኣ ምዓበዩ ነይሮም። እዛ ጓል ንጉስ በቲ ዘገርም ድንጋጼኣን ጥበባን ኣብነት ናይ ኵሎም ክርስትያናት፣ ብሕልፊ እኳ ናይ ክርስትያናት ኣንስቲ ክትከውን ይግባእ።

3. **ሙሴን ኣዲኡን።** ጥ.7-9። ሚርያም ብማዕዶ ኰይና ኩሉ ትዕዘብ ነበረት። እታ ገረድ ነቲ ሳጹን ናብታ ጓል ንጉስ ከተምጽኦ ከላ፣ ሚርያም ከኣ ካብቲ ዝነበረቶ ሰፈር ናብኡ ገጻ ቅርብ በለት። እቲ ጓል ንጉስ ዘርኣየቶ ድንጋጽን፣ ዝበለቶ ቓላትን ስለ ዝርኣየትን ዝሰምዔትን፣ "ካብተን እብራውያን ኣንስቲ ነዚ ሕጻንዚ እተጥብወልኪ መጉዚትዶ ክጽውዓልኪ ክኸይድ? በለታ። ጓል ፈርኦን ከኣ፣ ኪዲ፣ በለታ። እታ ጓል ድማ ከደት፣ ነደ እቲ ሕጻን ከኣ ጸውዓታ። ጓል ፈርኦን ድማ፣ ነዚ ሕጻንዚ ወሲድኪ ኣጥብውለይ፣ በለታ።" እታ ኣዲኡ ነቲ ሕጻን ከምዚ ጌይራ ምስ ወሰደቶ፣ መጉዚት ናይ ጓል ፈርኦን ኰነት። ደሞዝ ትቕበል ነበረት፣ ደሞዛ ግና ዕ ጽፌ እዩ ነይሩ። እቲ ካብ ጓል ፈርኦን ትረክቦ ዝነበረት ደሞዝ ጥራይ ዘይኰነስ፣ እቲ ንወዳ ባዕላ ብምዕባይን ብምምሃርን ብምሕላይን ዝነበራ ሓጐስ፣ ኣዝዩ ዝበለጸ ደሞዝ ኰይኑ ረኸበቶ። እሙናት ኣዴታት ካብ ኵሉ ዓለም ዝበልጽ ደሞዝ ኣለወን። እታ ኩሉ ጊዜ ከይተሓለለት ብግቡእን ብተኣማንነትን ንደቃ እትሓሊ ኣደ፣ በዓልቲ ብዙሕ ደሞዝ እያ። ሃብታን ደሞዛን ሽመታን ንኣምላኽ ዘኽብሩን ንዓለም ንበረኸት ዚኾኑን፣ ደቃ እዮም።

ዝኾነ ዝተወልደ ሕጻን፣ ኣምላኽ ከዕብይሉን ክምህሩሉን ኢሉ፣ ንወለዲ ዝሃቦም ውህበት እዩ። ቈልዓ ንጥቕምኻ ነገልግሎትካን ኣይኰነን ዝውለድ፣ ንጥቕምን ኣገልግሎትን ናይ ኣምላኽ እዩ ዚውለድ። ንገዛእ ርእሱ ብስስዔ ሃብትን ስምን ኪገብርውን ኣይኰነን ዝውለድ፣ ንክብሪ ኣምላኽ ደኣ እምበር። ንቈልዓ ካብ ጊዜ ንእስነቱ ኣትሒዝካ፣ ፍልጠት ኣምላኽን ፍቕሩ ምሃሮ። ንኣምላኽ ከም ኣቦኡ ምእንቲ ከፍቅሮ፣ ንስኻ ከም መጠን ኣቦ ጽቡቕ ኣብነት ናይ ፈቃር ኣቦ ኩኖ። ካብ ጊዜ ንእስነቱ፣ ብህይወትካ ኣብነት እናሃብካ፣ ብዛዕባ ኣገልግሎት ኣምላኽ ምሃሮ። ሽዑ ኣምላኽ ዓስብኻ ኪህበካ እዩ። ፈቃርን ትሑትን ውሉድ፣ ብናይ ውሉድካ ህይወትን ስራሕን ዝሕጐስ ልቢ፣ ኣብ መወዳእታ ከኣ ሰፈር ንኣኻን ንእኡን ኣብ መንግስተ ሰማያት ኪህበካ እዩ።

4. **ሙሴ ወዲ ንጉስ ይኸውን፣** ጥ. 10። ሙሴ ወዲ ክንደይ ዓመት ምስ ኰነ ካብ ኣዲኡ ናብ እንዳ ንጉስ ግብጺ ከም ዝኾነ ኣይንፈልጥን። ካብ ዛንታ እነንብቦ ግና፣ ሙሴ ናብ ኣደራሽ ንጉስ ግብጺ ኪኸይድ ከሎ፣ ነቲ ኣዲኡ ዝመሃረቶ ናይ ሃይማኖቱን ዓሌቱን ትምህርቲ ኣጸቢቑ

ኪፈልጦ ዝኽእለሉ ዕድመ በጺሑ ነበረ። ድሕርዚ ናብ ቤት ንጉስ ምስ ከደ፡ ብስርዓትን ቅድን ናይ ወዲ ንጉስ ዓበየ። እታ ጓል ንጉስ ከኣ፡ ካብ ማይ ኣውጺኤዮ እየ፡ ኢላ ሙሴ ኣውጽኣትሉ።

**5. ሙሴ ዝተማህሮ ዓይነት ትምህርቲ።**

ኣብ ቤቱ ዝተማህሮ ትምህርቲ። በቲ ሙሴ ዝገበሮ ዓቢ ምርጫ፡ በቲ ንደቂ ዓዱ ዝተኸላኸለሎም፡ በቲ ኣብ ምሉእ ህይወቱ እንርእዮ ኩሉ ጠባያት፡ ሙሴ ካብ ጊዜ ንእስነቱ በቲ ናይ ሓቂ ሃይማኖት ከም ዝዓበየ ክንስተብህል ንኽእል። 1) በቲ ናይ ስድራኡ ሃይማኖትን ጽሑፋቶምን ባህሎምን ከም ዝዓበየን ዝተማህረን ዘጠራጥር የልቦን። 2) ብፍልጠት ናይ ሓደ ኣምላኽውን ከም ዝተማህረ ክንስተብህል ንኽእል። 3) ተስፋታት ናይ ኣብርሃምን ካልኦት ኣቦታቱን፡ ዓብን ነጻን ህዝቢ ከም ዝኸውን ዝነግር፡ ተማሂርዎ ነበረ። 4) በቲ ዝበለጸ ሞራላዊ ስርዓት በቲ ዘመንቲ ዚፍለጥ ዝነበረ ተማህረ። ንወለዱ ምእዛዝ፡ እምነት ኣብ ኣምላኽ፡ ፍቕሪ ከኣ ንኹሉ፡ ተማህረ። እዚ ኣብ ቤቱ ዝተማህሮ ትምህርቲ፡ ኣብቲ ተድላን ምቾትን ጌጽን ዝመልኦ ኣደራሽ ናይ ፈርኦን ምስ ከደ እኳ ኣይረስዖን።

**ኣብ ቤት ፈርኦን ዝተማህሮ ትምህርቲ፡፡** ካብቲ እስጢፋኖስ ኣብ ግ.ሃ. 7፡22 ዝበሎ፡ ሙሴ ኣብ ቤት ፈራኦን እንታይ ዓይነት ትምህርቲ ከም እተማህረ ክንስተብህል ንኽእል። "ሙሴ ድማ ኵሉ ጥበብ ግብጻውያን ተማህረ።" እዚ ትምህርቲ'ዚ ከምዚ ዝስዕብ ዚጥቕልል እዩ፦ ስዋሱ፡ ዛንታ፡ ሕክምና፡ ቁጽሪ፡ ጆኦመትሪ፡ ናይ ከዋኽብቲ፡ ናይ ምህናጽ፡ ሙሴ በዚ ኩሉ ብሱል ነበረ።

ሙሴ እዚ ኩሉ ዝተማህሮ ትምህርቲ ኣብ ጥቕሚ የውዕሎ ነበረ። እስጢፋኖስ፡ "ብቓሉን ብግብሩን ከኣ በረትዔ፡" ኢሉ ተዛረበሉ። ትምህርቱስ ብቓል ጥራይ ዘይኮነስ ብግብሪውን ይርኤ ነበረ።

***6. ሙሴ ዝገበሮ ዓቢ ምርጫ።*** ሙሴ ወዲ 40 ዓመት ምስ ኰነ፡ ከም መጠን ወዲ ንጉስ ከኣ ኵሉ ዓለማዊ ጥበብ ናይ ግብጻውያን ምስ ተማህረ፡ ዓቢ ምርጫ ኪገብረሉ ዚግባእ ጊዜ በጽሔ። ብዛዕባዚ ኣብ እብ. 11፡24-27 ክንንብብ ንኽእል። እዚ ዓቢ ምርጫ ኪገብር ዝደፋፍኦ ኵነታት ብርግጽ እንታይ ምኻኑ ኣይንፈልጥን። ምናልባሽ በዚ እዋንዚ እቲ ጸበባ ናይቶም ህዝቡ ኣጸቢቑ ተሰሚዕዎ ይኸውን። ድሕርዚ እቲ ንኣታቶም ዝተዋህበ ተስፋታት ዘኪሩ፡ ብልቡ ንህዝቡ ኪድግፍ ብርቱዕ ስምዒት ሓዲርዎ ይኸውን። ምስቶም ህዝቡ ከይተሰማምዔ ኪድግፎም ከም ዘይክእል ከኣ ተፈለጦ። ከም መጠን ወዲ ንጉስ ግብጺ፡ ኣንጻር ደቂ እስራኤል ኪዓዪ፡ ኪጭቁኖም፡ ኣብ ኣምልኾ ጣኦት ናይቶም ግብጻውያንውን ኪሓብር ተገዲዱ ይኸውን። በዚ መገዲዚ ይኹን ብካልእ፡ ብገለ ኵነታት፡ ወይ ኣብ ናይ ግብጻውያን ናብራን ሃይማኖትን ፈጺሙ ኪሓብር፡ ወይ ከኣ ንኣምላኽን ንሓቅነትን ነቶም ዝጸበቦም ህዝቢ ኣምላኽን ፈጺሙ ኪሓብር፡ ሓዲኡ ዚመርጸሉ ጊዜ በጽሔ። ንሕና ከኣ ኣብ ከምዚ ዝበለ ምርጫ እንገብረሉ ጊዜ ንበጽሕ ኢና።

ሙሴ ካብ ክልተ ነገራት ሓንቲ ኪመርጽ ነበሮ። ብሓደ ወገን ቤት ፈርኦንን ተድላን፡ ሃብትን፡ ትምህርትን፡ ስልጡናት ሰባትን፡ መዓርግን፡ ስምን፡ ምናልባሽ ከኣ ንጉስ ምዃንን፡ ነበረ። እዚ ግና ምስናይ ምምላኽ ጣኦታትን፡ ርኽሰት ሞራላዊ ህይወትን፡ ኵሉ ዓይነት ሓጢኣትን፡ ምድርባይ ተስፋታት ናይ ኣምላኽን፡ ተስፋ ዘይብሉ ህይወትን፡ ነበረ። በቲ ካልእ ወገን ከኣ፡ ጸበባ፡ ምስ ደንቆሮን ዘይተማህረን ህዝቢ ምሕባር፡ ምናልባሽ ባርነት፡ ዘይውሩይ ምዃን፡ ድኽነት፡ ተስፋ ዘይብሉ ዝመስል ኣገልግሎት፡ ብርቱዕ መግዛእቲ፡ ነበረ። እዚ ከኣ ምስናይ ምድሓን ህዝቡ፡ ናብታ ናይ ተስፋ ሃገር ንምምራሖም፡ ንመንግስቲ ኣምላኽ ምድጋፍ፡ ዓርኪ ኣምላኽ ምዃን፡ መምህር ናይ ሰናይ ምዃን፡ ነበረ። ከም ኵሉ ዓቢ ምርጫታት ከኣ ብዘይጠቅም ዝመስል ግብሪ ተፈጸመ። ግናኸ እዛ ዘይትጠቅም ትመስል ግብሪ ምርጫ ናይ ምሉእ ህይወቱ ከፀት።

ሓደ መዓልቲ ነሕዋቱ ኪርኢ ኢሉ ናብ መሮር ምስ ከደ፡ ሓደ ግብጻዊ ንሓደ ካብቶም ኣሕዋቱ ኪዕምጽ ምስ ረኣዮ ቀተሎ። ፈርኦን እንተ ሰምዔ ከይቀትሎ ፈሪሁ ድማ ካብ ግብጺ ሃዲሙ ከደ። እቲ ዓቢ ምርጫኡ በዛ ነገርዚኣ ተፈጸመ። ምናልባሽ ሙሴ ብኡብኡ ንህዝቡ ሓራ ዘውጽኦም መሲልዎ ነይሩ ይኸውን። ግናኸ ንሱ ከፀ ደቂ እስራኤል ሓራ ንምውጻእ ጌና ኣይተዳለውን ነበሩ።

**ሕቶታት**

1. ኣደ ሙሴ ብከመይ መገዲ ሓላፍነት ናይ እስራኤል ነበራ?
2. እቲ ሙሴ ዝገበሮ ዓቢ ምርጫ እንታይ እዩ?
3. ብከመይ መገዲ ብዙሓት ቈልዑ ናብ ኢድ ሰይጣን ይድርበዩ?
4. ናይ ቤቱ ትምህርቲ፡ ንሙሴ እንታይ ጠቐሞ?

***መረድኢ***

በቲ ክርስትያናት ብዙሕ ዝስጐጉሉ ዝነበሩ ጊዜ፡ ሓንቲ ጻድቕ ሰበይቲ፡ "ኣምላኽ ይሓልየለይ ስለ ዝከፀ፡ ገለ ነገር ኣይጐድለንን እዩ፡" ዝብል ብርቱዕ እምነት ከም ዘለዋ ተሰምዔ። ሓደ ጊዜ ቤተ ክርስትያን ስለ ዝኸፀት ተከሲሳ ኣብ ቅድሚ ሓደ ዘይቅኑዕ ፈራዲ መጸት። እቲ ፈራዲ ምስ ረኣያ፡ "ብዙሕ ጊዜ ንኣኺ ኪሕዘኪ ይደሊ ነይረ። ሕጂ ዕድል ካብ ረኸብኩ ናብ ቤት ማእሰርቲ ከእትወኪ እየ፡ መን ከም ዝምግበኪ ከኣ ኪርኢ እየ፡" በላ። ንሳ ከኣ፡ "ፍቓድ እቲ ሰማያዊ ኣቦይ እንተ ከፀይኑስ፡ ካብቲ መኣድካ እኳ ክምገብ እየ፡" ኢላ መለሰትሉ። ሰበይቲ እቲ ፈራዲ፡ እዛ ጻድቕ ሰበይቲ ክትፍረድ ከላ ኣብቲ ቤት ፍርዲ ስለ ዝነበረ፡ በቲ ትብዓታ ተደኒቓ፡ ኵሉ ጊዜ ክሳዕ ካብ ቤት ማእሰርቲ እትወጽእ፡ ካብቲ መኣዲ ናይቲ ፈራዲ ትሰዳላ ነበረት። ከምቲ እምነታ፡ ኣብ ማእሰርቲ ከላ ከይጠመየት ወጸት። እታ ሰበይቲ እቲ ፈራዲ ድማ ብወገና ዓስባ ረኸበት፡ ኣምላኽ ብምድሓኑ በጽሓ።

## ሙሴ ንእስራኤል ኬድሕን ተጸውዔ

## ቅዱስ ጽሑፍ - ዘጽ. 3፥1-14

1 - ሙሴ ድማ ኣባጊዕ የትሮ ሓሙኡ፡ ካህን ሚድያን፡ ይጓሲ ነበረ። ነተን ኣባጊዕ እናኽጠኸበን ናብ ክንየው በረኻፀ ናብ ሆሬብ ከረን ኣምላኽፀ መጸ።

2 - መልኣኽዐ እግዚኣብሄር ከኣ ካብ ማእከል ኣሻኸፀ ቈጥቋጥ ብሃልሃልታ ሓዊ ተራእዮ። እንተ ጠመተ ድማ እንሆ፡ እታ ቈጥቋጥ ብሓዊ ትነድድ ነበረት፡ እታ ቛጥቋጥ ግና ኣይተበልዔትን።

3 - ሙሴ ከኣ፡ እዚ ዓብዩ ትርኢት እዚ፡ እዛ ቈጥቋጥ ከመይ ኢላ ሞኸፀ ከም ዘይትትበል ደኣ ክፎደ ክርኢ በለ።

4 - እግዚኣብሄር ድማ ኪርኢ ከም ዝቐረበ ምስ ረኣየ፡ ኣምላኽዐ ካብ ማእከል እታ ቈጥቋጥ፡ ሙሴ፡ ሙሴ፡ ኢሉ ጸውዖ። ንሱ ድማ እኔኸፀ በለ።

5 - ሽዑ ከኣ፡ ናብዚ ኣይትቕረብ። እዛ ደው ኢልካላ ዘሎኻዐ ቦታ ቅድስቲ ምድሪ እያ እሞ፡ ኣሳእንካ ካብ ኣእጋርካ ኣውጽእ፡ በለ።

6 - ድማ፡ ኣነ ኣምላኽ ኣቦኻፀ ኣምላኽ ኣብርሃም፡ ኣምላክዐ ይስሃቅ፡ ኣምላክዐ ያእቆብ ከኣ እየ፡ በለ። ሙሴ ድማ ንኣምላክዐከይጥምት ፈርሄ እሞ ገጹ ከፎነ።

7 - እግዚኣብሄር ድማ፡ ጸበባ እቲ ኣብ ግብጺ ዘሎ ህዝበይ ፈሊጠ እየ እሞ፡ ስቓዮም ኣጸቢቐ ርኤኸዐ እቲ ብሰሪ መጨነቕቶም ዜእውይዎ ከኣ ሰሚዔ ኣሎኹ፡

8 - ስለዚ ካብ ኢድ ግብጻውያን ከድሕኖም ወሪደ ኣሎኹዐ ካብታ ምድሪ እቲኣ ናብታ ጽብቕትን ርሕብትን ጸባን መዓርን እተውሕዝ ምድሪ፡ ናብታ ቦታ ከነኣናውያንን ሄታውያንን ኣሞራውያንን ፈረዛውያንን ሃዋውያንን ይቡሳውያንን ከደይቦም እየ።

9 - ሕጂ ድማ እንሆ ኣውያት ደቂ እስራኤል ናባይ መጸ፡ እቲ ግብጻውያን ዘጥቕዕዎም ጥቕዓት ርኤኹ።

10 - እምበኣር ሕጂ ንዓ፡ ንህዝበይ ደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ከውውጽኦም፡ ናብ ፈርኦን ክልእከካ እየ፡ በለ።

11 - ሙሴ ድማ ንኣምላኽ፡ ናብ ፈርኦን ዝኸይድን ንደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ዘውጽእንከ፡ ኣነ መን እየ? በሎ።

12 - ኣምላኽዐ ከኣ፡ ኣነ ምሳኻ ክኸውን እየ እሞ፡ ኣነ ከም ዝለኣኽኩኻ ድማ እዚኣ ትእምርቲ ትኾነካ፡ ነቲ ህዝቢ ካብ ግብጺ ምስ ኣውጻእካዮ፡ ኣብዚ ከረን እዚ ንኣምላኽ ከተገልግሉ ኢኹም፡ በለ።

13 - ሙሴ ድማ ንኣምላኽፀ እንሆ፡ ናብ ደቂ እስራኤል መጺኤ፡ ኣምላኽ ኣቦታትኩም ናባኻትኩም ልኢኹኒ ምስ በልክዎም ስሙ መን እዩ እንተ በሉንስ፡ እንታይ ክብሎም እየ? በሎ።

**14 - ኣምላኽዐ ከኣ ንሙሴ እቲ ዘሎኽዐ እየ ዘለኹ፡ በሎ። በለ ድማ፡ ንደቂ እስራኤል፡ እቲ ኣሎከዐ ናባኻትኩም ለኣኸኒ፡ በሎም።**

***ዚጽናዕ ጥቕሲ*** *ምሳኻ**ዐ** እየ እሞ፡ ኣይትፍራህ፡ ኣነ ኣምላኽካ እየ እሞ፡ ኣይትሸበር፡ ከበርትዓካ፡ ክረድኣካ፡ ብየማነይቲ ኢድ ጽድቀይውን ክድግፈካ እየ። ኢሳ.41፡10*

## *መዓልታዊ ትምርህቲ*

***ጊዜ፡፡*** **1493 ቅ.ል.ክ.።** *ሙሴ ካብ ግበጺ ካብ ዝሃድም ኣርብዓ ዓመት ኣቢሉ ጌይሩ ነበረ። ግብሪ ሃዋርያት 7፡30።*

***ሰፈር፡፡*** *ሙሴ ኣብ ምድሪ ምድያናውያን፡ ኣብቲ ብደቡባዊ ምድሪ ዓረብ፡ ኣብ ጥቓ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከብ፡ ሸረም ዝብሃል ወገን ይቕመጥ ነበረ። እታ መሴ ዝረኣየ ሃልሃል ትብል ቈጥቋጥ ኣብ ከረን ሲና፡ ኣብ ኣኽፁን ሆሬብ ትርከብ፡ ከረን ኣምላኽ ከኣ ትብሃል ነበረት። እቲ ብዙሕ ኣክፁን ሆሬብ ይብሃል ነበረ፡ ከረን ሲና ከኣ ሓንቲ ካብዚ ኣክፁንዚ እያ።*

***ቀንዲ ሓሳባት፡፡*** *ሙሴ ንጽውዓኡ ብኣኽፀሮትን ብትሕትናን ተቐበሎ። ከም ኵሉ ናይ ሓቂ ጽውዓ፡ ንጽውዓኡ ብቐሊል ኪነጽጎ ኣይከኣለን። ጽውዓ ኣምላኽ ዚነጽግ ሰብ ወይለኡ።*

## *መግለጺ*

**1. *ምህዳም ሙሴ ናብ ዓዲ ዓረብ፡ ነርብዓ ዓመት።*** *ሙሴ ካብ ፈርኦን ምስ ሃደመ፡ ናብቲ ብወገን ደቡብ ናይ ዓዲ ዓረብ ዝርከብ ምድሪ ሚድያናውያን መጸ። ናብታ ሃገር ንመ- መ ርታኡ ምስ ኣተወ ከኣ፡ ናብ ሓንቲ ዔላ ኣልገሰ። ሙሴ ኣብቲ ዔላ ኰፍ ኢሉ ከሎ ሸብዓተ ኣዋልድ፡ ደቂ ራጉኤል ዝብሃል ካህን ናይ ምድያን፡ ነባጊዔን ማይ ከስትያ መጻ። ነቲ ጋብላታተን ምስ መልአኦ ከኣ፡ ጓሶት መጺኦም ሰጐጉወን፡ ነቲ ማየን ምስ ጋብላታቱ ከኣ ወሰዱለን። ሙሴ እዚ ምስ ረኣየ፡ ነቶም ጓሶት ኣልጊሱ፡ ነባጊዔን ማይ ኣስትዩ፡ ካብቶም ጓሶት ኣድሓነን። ብድሕርዚ ናብ ቤተን ወሰዳኦ እሞ ኣገልጋሊ ኣቦኤን ኰነ። ጺጺራ ዝስማ ሓንቲ ካባታተን ድማ ተመርዓወ። ነርባዓ ዓመት ኣብዚ ስድራ ቤትዚ ተቐመጠ።*

*ኣብዘን ዓመታት እዚኤን ሙሴ ብዙሕ ምእራምን ትምህርትን ረኸበ። እምነቱ ኣብ ኣምላኽዐ በርትዔት፡ ፍልጠቱን ሃይማኖቱን ተመክሮኡን ከኣ ኣዝዩ ዓበየ። እቲ ብከፉዓትን ሓይልን ተመሊኡ ተቐዳዲሙ ሰብ ዝቐተለ ሙሴ፡ ሕጂ ግና ኣዝዩ ዝተሓተ ሰብ ኰነ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ናይ ግብጻውያን ኵሉ ኪምሃሮ ዝክእል ትምህርቲ ተማህረ። ኣብቲ በረኻዐ ግና ኣብ ቤት ትምህርቲ ናይ ኣምላኽዐ ኣምላኽዐ ባዕሉ መሃሮ።*

**2. *ሃልሃል ትብል ቈጥቋጥ፡ ግሁድ ምልክት ናይ ህላውነት ኣምላኽ፡*** *ዘጽ.* 3፡1-5። *ሙሴ ኣብቲ በረኻ ነርባዓ ዓመት ምስ ተማህረ፡ ብከፉኡ ተዳልዩ፡ ዕዮኡ ዚጅምረሉ እዋን በጽሔ። ኣባጊዕ ናይ ሓሙኡ እናጓሰየ ከሎ፡ ማለት ብመዓልታዊ ስርሑ ተታሒዙ ከሎ፡ ኣምላኽዐ ብዘገርም ራእዩን ጽውዓን በጽሖ። ኣምላኽ ኵሉ ጊዜ ነቶም ብመዓልታዊ ስርሖም ጥንቁቓት፡ ዝኸፉ ሰባት እዩ ዝጽውዖም። ኣሞጽ ሓረስታይ ነበረ፡ ዳዊት ጓሳ፡ ጳውሎስ ሰራሕ ቴንዳ፡ ጴጥሮስ*

ገፋፍ ዓሳ፡ የሱስ ከኣ ጸራባይ፡ ነበረ። ዝተሓተ ስራሕ ነቲ ዝለዓለ ራእዩ ዘዳሉ እዩ።

ሙሴ ኣባጊዕ ሓሙኡ ከብልዕ ከሎ፡ "መልኣኽ እግዚኣብሄር ካብ ማእከል ኣሻኸዐ ቿጥቋጥ ብሃልሃልታ ሓዊ ተራእዮ።" እዚ ቈጥቋጥ እዚ ሽጢም ወይ ቈልቋል ከይኰነ ኣይተርፍን። ቁመቱ ካብ 4 ክሳዕ 7 ሜትሮ ኣቢሉ ይበጽሕ። መልክዑ ኣዝዩ ጽቡቕ እዩ፡ ቈጽሉ ኩሉ ጊዜ ኣይነቅጽን፡ ንሓንሳእ ከኣ ብጫ ዝሕብሩ፡ ጥዑም ዝጨናኡ ዕምባባ የውጽእ። ኣምላኽ ንሙሴ ካብዚ ቈጥቋጥዚ እዩ ዝተራእዮ።

ካብ ሓዊ ዝበልጽ ዝርኤ ምልክት ናይ ኣምላኽ የልቦን። ሓዊ ብሃልሃልታ ኪበርህ ከሎ፡ ኣዝዩ ዘደንቕ እዩ። ሃልሃልታ ሓዊ ብርሃን ይህብ፡ ርኽሰ ዘበለ ከኣ ኩቶ ኣይቀርቦን። ብርሃን ምንጪ ናይ ህይወት፡ ናይ ሙቐት፡ ናይ ምቾት፡ ናይ ሓጐስን ጥዕናን እዩ።

**ሞኸዐ ዘይትብል ቈጥቋጥ።** እታ ሙሴ ዝርኣያ ቈጥቋጥ ብሓዊ ሃልሃል እናበለትሲ፡ ሞኸዐ ኣይበለትን። እዚ ብደቂ እስራኤል ኣብ ባርነት ናይ ግብጺ ከለዉ ተመሲሉ ኣሎ። ደቂ እስራኤል ኣብ ግብጺ ከለዉ፡ ብዙሕ ተጨቈኑን ጸበቦምን፡ ግናኸ ኣይተወድኡን። ከምኡ ከኣ ደቂ ኣምላኽዐ ብማእከል ሃልሃልታ ናይ መስጐጉትን ጸበባን እኳ እንተ ሓለፉ ኣይውድኡን እዮም። ማሕበር ክርስቶስ ብሃልሃልታ ሓዊ፡ ሰባት ትምስጥ፡ ህላውነት ናይ ኣምላኽ ከኣ ተበስር ደኣ እምበር ኣይትብላዕን፡ ሞኸዐውን ኣይትብልን እያ። እቶም ሰለስተ እብራውያን ኣብ ሓዊ ምስ ኣተዉ፡ መላእ ባቢሎን ንወዲ ኣምላኽዐ ክትርእዮ ከኣለት። ስለምንታይ እዮም እዞም ኩሎም ኣብ ከጥፍኦም ዝኽእል ኩነታት ከለዉስ፡ ዘይጠፍኡ? ኣምላኽዐ ምስኦም ስለ ዝነበረ። እታ ቈጥቋጥውን ኣምላኽ ኣብ ማእከላ ስለ ዝነበረ እያ ሞኸዐ ዘይበለት። እቲ ልቡ ኣብ የሱስ ዘይቆመ ግና ብቕልጡፍ ብዓለምን ብስጋን ብሰይጣንን ይውሓጥ።

ሙሴ ምእንቲ ኣጸቢቑ ከቕልብ ኢሉ፡ ኣምላኽዐ ብተኣምራታዊ መገዲ ተዛረቦ። ንኣና ከኣ ኣምላኽዐምእንቲ ኣጸቢቕና ናብኡ ከነድህብ ኢሉ፡ ብብዙሕ መገድታት ይዛረበና እዩ። ምናልባሽ ኣምላኽዐ ብእኡ ጌይሩ መደቡን ሓሳቡን ኪገልጸልና ይደሊ ከይህሉ፡ ዝኾነ ይኹን ሓድሽ ነገር ምስ ዚፍጸም ከነስተብህለሉ ይግባእ። ኣምላኽ መደቡ ንምፍጻም ሓገዝ ሰብ ይደሊ እዩ።

**ኣሳእንካ ኣውጽእ።** ሙሴ ቅድም ብምድናቕ ጥራይ እዩ ናብታ ቈጥቋጥ ዝቐረበ። ኣምላኽዐ ግና ኣኽብሮት ዘለዎ መንፈስ ኪርኢ ደለዮ። "ኣሳእንካ ኣውጽእ፡ በሎ።" ነዛ ቀዳመይቲ ትእዛዝ ስለ ዝተኣዘዘ ከኣ እቲ ዝስዕብ ጽውዓ ተቐበለ። ሓደ ሰብ ናብ ኣምላኽዐ መመሊሱ ምስ ዚቐርብ፡ ኣኽብሮቱ ከኣ መመሊሱ እናዓበየ ይኸይድ። ሓጢኣት ንኣምላኽዐ ኣይተኽብርን እያ። ንኹሉ ናይ ኣምላኽዐ ነገር ከም ማንም ነገር ትቖጽሮ። ህላውነት ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ኣኽብሮት የሕድረልና። ፍቕሪ ኩሉ ጊዜ ኣኽብሮት ዝመልኣ እያ።

3\. **ጽውዓ ሙሴ።** ጥ. 6-10። ኣምላኽ ንሙሴ ምስ ጸውዖ፡ ጽውዓኡ ርግጽነት ዘለዎ ከም ዝኾነ፡ ኣብ ዛንታ ናይ ወለዶኡ ከስተብህል ነበሮ። ዝሓለፉ ኣቦታት ሙሴ፡ ከምዚ ዝመስል ጽውዓ ተቐበሉ፡ ተኣዘዙ ድማ። ንሱኸዐ ነዚ ጽውዓዚ ኪኣብዮዶ እዩ? ኣምላኽዐ ነቦታቱ እናመርሔን እናሓገዘን ናብ ዓወት ኣብጽሖም። ዓብን ክቡርን ዝኾነ ተስፋታት ከኣ ሃቦም። በዚ

እዋንዚ ከኣ እቲ ነቦታቱ ዝሃቦም ተስፋታት፡ ብእኡ ጊይሩ ኪፍጽሞ ደለየ። ሙሴ እዚ ጽውዓዚ ኪቕበል ከሎ፡ ህላውነት ኣምላኽዐኣዝዩ ቀረባኡ ስለ ዝነበረ፡ ብፍርሃን ኣኽብሮትን ትሕትናን ገጹ ከወነ።

ኣምላኽ፡ ኵሉ ኵነታት ምድሪ ዘይክወሎ ስለ ዝከዐ፡ ንሙሴ ኪጽውዖ ከሎ ዕላማን መደብን ነበሮ። "ጸበባ ህዝበይ ፈሊጠ እየ፡" በሎ። ኣምላኽ ፈጺሙ ኣይታከስን፡ ኣይድቅስን፣ ወትሩ ይሓልን ይሕሉን ይምድብን። ንሕና ክንድቅስን ከነዕርፍን ከሎና፡ ንሱ ግና ይሕልወና። ፈተናታትና፡ ካብቲ ንሱ ንጥቕምና ኢሉ ዝሓሰቦ፡ ሓንቲ ነጥቢ እኳ ክትውዒ ወይስ ክትብርትዕ ኣይገድፍን እዩ። በዚ እዋንዚ ከኣ ንእስራኤል ዘድሕነሉ ጊዜ ኣከለ። ንሙሴ፡ "ካብ ኢድ ግብጻውያን ከድሕኖም ወሪደ ኣሎኹዐ" በሎ። በዚ ቃላትዚ ጊይሩ ኣምላኽ ንሙሴ ኣተባብዖ። ነቶም ህዝቢ ካብቶም ዘጽብቡሎም ኪሃድሙ ከተባብዖም ድማ ሓይሊ ሃቦ።

ድሕርዚ ግደ ሙሴ መጸ። "ናብ ፈርኦን ክልእከካ እየ፡ በሎ።" ሙሴ በዚ እዋንዚ ጓሳ ኣባጊዕን፡ ድኻዐ፡ ኣረጊትን እዩ ነይሩ። ግናኸዐ ናብቲ ዝዓበየ ንጉስ ናይ ዓለም፡ ናብ ፈርኦን ኪኸወድ፡ ተላእኺዐ ኣምላኽዐ ብዙሕ ጊዜ ንደቁ ከምዚ ዝበለ ዓቢ መልእኽቲ ይህቦም እዩ። ግናኸዐኣጸቢቐም ናብኡ ኪጽግዑ እዩ ዚደልዮም።

4. **ንሙሴ ዝተጋጠሞ ሽግርን፡ ከመይ ጊይሩ ከም ዝቐንዮን።** ዘጽ. 3፡11-14። **ቀዳመይቲ ሽግር።** ሙሴ ናብ ገዛእ ርእሱ ምስ ጠመተ፡ "ናብ ፈርኦን ዝኸወድ ኣነ መን እየ? በለ።" ሙሴ ካብ ግብጺ ብምንታይ ምክንያት ከም ዝሃደመ ንፈልጥ ኢና። ኣብ ርእሲዚ ከኣ ንሱ ወዲ ሰማንያ ዓመት ኰይኑ ስለ ዝነበረ፡ ካብቲ ብርቱዕ ባርነት ናይ ግብጺ ምውጻእ ኣዝዩ ከቢድ ዕዮን ሓላፍነትን ኰይኑ ተሰምዖ። "ኣምላኽዐ ከኣ፡ ኣነ ምሳኻ ክኸውን እየ፡" ኢሉ ኣረጋገጸሉ። ካብዚ ዝዓቢ ተስፋ እንታይ ኪጽበ ይክእል?

**ካልኣይቲ ሽግር።** ነቶም ህዝቢ ከመይ ጊይሩ ከእምኖም እዩ? ጥ. 13። ምላሽ ናይዚ ኣብ ጥ.14 ኣሎ። "ንደቂ እስራኤል፡ እቲ ኣሎኹዐ ናባካትኩም ለኣኸኒ፡ በሎም።" እቲ ዘለኣለማዊ ዝከዐ፡ ዘይርኤ ግናኸ ህያው ዝከዐ፡ ንኣብርሃም ተስፋታቱ ዝሃበ፡ ኣምላኽ፡ ሕጂ ከኣ ነቶም ህዝቢ ትብዓትን እምነትን ኪህቦም ከም ዝክእል ዘረድኦም ስም ነበረ። ከምቲ ነቦታቶም ካብ ጸበባ ዘውጽኦም፡ ከምኡ ከኣ ንኣታቶም ከም ዘውጽኦም ኣረጋገጸሎም።

**ሳልሰይቲ ሽግር፡፡** ግብጻውያን ከመይ ጊይሮም ንእስራኤላውያን ሓራ ከውጽእዎም ይክእሉ? ኣምላኽ ተኣምራት እናገበረ፡ ብሙሴ ኪዓዪ ከም ዝክእል ኣረጋገጸሎም።

**ራብዓይቲ ሽግር።** "ኣነ ኣፈይ ወታእ፡ ልሳነይ ኰርታዕ እየ፡ ኣነ ተዛራቢ ሰብ ኣይኰንኩን፡ በለ።" ኣምላኽ ከኣ፡ "ኣነ ምስ ኣፍካ ከፀይን፡ እቲ እትዛረቦ ክምህረካ እየ፡ በሎ።" ሙሴ ግና ጌና ካልእ ዚዛረበሉ ሰብ ደለየ። ስለዚ፡ ኣምላኽ ንሙሴ ዝደለዮ ኪዛረቦ፡ ሙሴ ከኣ ንኣሮን ኵሉ ኪነግሮ፡ ኣሮን ከኣ ነቶም ህዝቢ ኪምህሮም ተሰማምዑ።

5. **ጽውዓ ኣምላኽ ንኣና።** ከምቲ ሙሴ ንእተፈልየ ዕዮ ዝተጸውዔ፣ ከምኡ ከኣ ንነፍስ ወከፍና ኣምላኽ ናብ እተፈልየ ኣገልግሎት ይጽውዓና እዩ። እቲ ንኣኻ እተመደበ ዕዮ፣ ካልእ ኪገብሮ ኣይክእልን እዩ። ምናልባሽ ናትካ ግደ ኣዝያ ንእሽቶ ትኹን፣ ግናኸ ብግቡእ እንተ ዘይተገብረት ኣምላኽ የስተብህለላ እዩ። ትንኣስ፣ ተዕበ ኣምላኽ ዘየስተብህለላ ኣገልግሎት የላን።

**ሕቶታት**

1. ቅድሚ ጽውዓ ኣምላኽ ምቕባል፣ ሰብ ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት ኪህሉ ይግባእ?
2. ብምንታይ ምኽንያት እዩ ኣምላኽ ምሳና ምስ ዚህሉ ክንፈርህ ዘይግብኣና?
3. ኣምላኽ ንሓደ ነገር ከም ዚጸውዓና ከመይ ጌርና ክፈልጥ ንክእል?
4. ስለምንታይ እዩ ኣምላኽ ዚጽውዕ?

**መረድኢ**

**"ብርሃንኩም ይብራህ"**

ሓደ ጊዜ ሓደ ክርስትያን እየ ዝብል መራሒ ናይ ሓንቲ መርከብ፣ ካብ ሓደ ሰብኣይ ኣዝዩ ዘሕዝን መግናሕቲ ተቐበለ። እዚ ሰብኣይዚ ኩሉ ጊዜ ኣቐሑ ዚጽዕነሉ ስለ ዝነበረ፣ ነዚ መራሕ-መርከብ ኣጸቢቑ ይፈልጦ ነበረ። ሓደ ጊዜ ክልቲኦም ከዕልሉ ከለዉ እቲ መራሕ-መርከብ ብሃንደበት ክርስትያን ከም ዝኾነ ነገሮ። እቲ ሰብኣይ ተደኒቑ ነቲ መራሕ-መርከብ፣ "ንስኻ ክርስትያን ኢኻ?" ኢሉ ሓተቶ። "እንተ ዘይትነግረንስ ፈጺመ ክርስትያን ከም ዝኾንካ ኪፈልጥ ኣይምከኣልኩን ነይረ፣" ከኣ በሎ። ከምዚ መራሕ-መርከብ ዝበሉ ሰባት ኣዝዮም ብዙሓት እዮም።

## ኣብ ግብጺ ዝወረደ መዓት

### ቅዱስ ጽሑፍ - መ. ዳዊት 105፣23-36

23 - እስራኤል ናብ ግብጺ መጸ፣ ያእቆብውን ኣብ ሃገር ካም ሰፈረ።

24 - ንህዝቡ ከኣ ኣዝዩ ኣብዝሖ፣ ካብ ተጻረርቱውን ኣበርትዖ።

25 - ንህዝቡ ክጸልእዎ፣ ንባሮቱ ክፁናከፀልዎምሲ ልቦም ለወጦ።

26 - ንሙሴ ባርያኡን ንኣሮን ሕሩዩን ለኣኸ

27 - ኣብ ማእከሎም ትእምርትታቱ፣ ኣብ ሃገር ካም ድማ ተኣምራት ገበሩ።

28 - ጸልማት ለኣኸ ኣጸልመተ ከኣ፣ ንቓላቱውን ኣይተጻረርዎን።

29 - ማያቶም ናብ ደም ለወጠ፣ ዓሳታቶም ከኣ ቐተለ።

30 - ናብ ኣባይቲ ነገስታቶም ክሳዕ ዚኣትዋ፣ ምድሮም ብቝርዖብ መልኤት።

31 - ተዛረበ እሞ ጽንጽያታት ኣብ ኵሉ ወሰኖም ከኣ ቃርማ መጹ።

32 - ኣብ ክንዲ ዝናምሲ በረድ፣ ሃልሃልታ ሓዊ ከኣ ኣብ ሃገሮም ኣውረደ።

33 - ወይኖምን በለሶምን ወቕዔ፣ ኣእዋም ዓዶም ድማ ሰባበረ።

34 - ተዛረበ እሞ ኣንበጣ፣ ቊጽሪ ዜብሉ ከፀበኩታ መጸ።

35 - ንኹሉ ብቋልያ ሃገሮም በልዖ፣ ንፍረ ምድሮም ከኣ በልዔ፣

36 - ንኹሉ በኹሪ ሃገሮም፣ ንበኹሪ ሓይሎም፣ ቀተለ።

**ዚጽናዕ ጥቕሲ፡፡** ርእሱ ዘልዓለ ክፁሓሰር፣ ርእሱ ዘትሓተ ከኣ ልዕል ኪብል እዩ። ማቴ፣23፣12።

## መዓልታዊ ትምህርቲ

**ጊዜ፡፡** 1492-1491 ቅ.ል.ክ.። ኵሉ እቲ መዓት ትሽዓተ ወይ ዓሰርተ ወርሒ ገበረ፣ ካብ ሰነ ክሳዕ ሚያዝያ።

**ሰፈር፡፡** ሙሴ ምስ ፈርኦን፣ ኣብታ በቲ እዋንቲ ርእሲ ከተማ ናይ ግብጺ ዝነበረት፣ ኣብ ጾዓን፣ ተራኸበ። እቲ ተኣምራት ዝተገብረሉ ቦታ ከኣ ኣብ መሮር ናይ ጾዓን እዩ። መዝ. ዳዊት 78፣12።

**ቀንዲ ሓሳባት፡፡** ናይ ሎሚ ትምህርትና፣ ኣንጻር ኣምላኽ ምኻድ እንታይ ሳዕቤን ከም ዘምጽእ የርእየና። ኣብ መንጎ ክልተ ብርቱዓት ሓይልታት ዘሎ ውድድር ክንርኢ ንኽእል። እዚ

ውድድርዚ ንዛንታ ምሉእ ዓለም ዚትንክፍ ነበረ። ቀንዲ ምክዐያት መለዓዓሊኡ ከኣ ነጻነት ናይ ሓደ ህዝቢ እዩ። ግብጻውያንዶ ንእስራኤላውያን ናብታ ናይ ተስፋ ሃገሮም ከኸዱ ኪፍቅዱሎም እዮም? ዝብል ሕቶ ነበረ።

ብሓደ ወገን ናይዚ ውድድርዚ፡ ፈርኦን ምስ ኵሉ ሃብትን ስልጣኔን ወትሃደራት ናይ ግብጺ ነበረ። በቲ ካልእ ወገን ናይቲ ውድድር ከኣ ሙሴ ምስ ዘይተማህሩ ህዝብን ምስቲ ከሎ ዝከዕል ኣምላኹን ነበረ።

**መግለጺ**

1. ***ሙሴ ምስ ፈርኦን ንሙ- መርታ እዋን ዝተራከበሉ።*** *መዝ. ዳ.*105፡ 26፣ *ዘጽ.*7፡10-13። *ሙሴን ኣሮንን ብትእዛዝ ኣምላኽ ናብ ፈርኦን ከይዶም፡ ደቂ እስራኤል ንኣምላኽ ከገልግሉ ኪኸፁ ኪሓድጎም ሓተትዎ። ፈርኦን ግና፡ "እቲ ቃሉ ሰሚዔ ንእስራኤል ዝሓድግሲ፡ እግዚኣ ብሄር መን እዩ? በሎም። ዘጽ.* 5፡2።

*ኣምላኽ ከኣ፡ ምእንቲ እቲ ንሱ ዚደልዮ ኪፍጸም ከም ዝከዕ ኣጸቢቑ ኬፍልጦ ኢሉ፡ ንሙሴን ንኣሮንን እንደገና ናብ ፈርኦን ለኣኾም። ኣሮን ኣብ ቅድሚ ፈርኦን ነታ በትሩ ሰንደዋ እሞ ተመን ኰነት። ፈርኦን እዚ ምስ ረኣየ፡ ነቶም ጠንቌልቲ ጸውዖም። ብጥንቆ ልናኦም ገይሮም ከኣ ነፍስ ወከፍ በበትሮም ሰንደዉ እሞ ኣትማን ኰኑ። ከምዚ ኪገብሩ ከለዉ፡ ንሙሴን ንኣሮንን፡ "ርኤኹም፡ ኣማልኽትና ካብ ኣምላኽኩም ኣይሓምቁን እዮም፡" ይብሉ ነበሩ። ሙሴን ኣሮንን ደኣ ኣምላኽዕ ከም ዝለኣኾም እንታይ ምልክት ነበሮም? ዘይኣመንቲ፡ ኣምላኽ ንስርሑ ዝኾውን ዝኣክል መግለጺ ኣይሃበን፡ ምበሉ ነይሮም። ሙሴን ኣሮንን ግና እምነቶም ዓቢ ስለ ዝነበረ፡ ኣምላኽዕ ከኣ ከቶ ኣየውደቖምን። በትሪ ኣሮን ነኣባትር ናይቶም ጠንቌልቲ ወሓጠተን። ሕጂኸ እንታይ ኪብሉ እዮም? እቶም ጠንቌልቲ ንኣምላኹ ንቕሩብ ጊዜ ተዋዳ ደርዎ፡ ኣብ መወዳእታ ግና ምውድዳሩ ሰኣኑ'። ፈርኦን ግና ጌና ልቡ ኣትረረ፡ ኣምላኽዕ ከኣ ንደቂ እስራኤል ከይሓድጎም ንልቡ ኣትረሮ። እዚ ቃላትዚ ብዙሕ ክትዕ ዘምጽእ ቃላት እዩ። ኣስፊሕና እንተ ጠመትና ግና፡ ኣምላኽዕ ጸጋኡ ካብ ሰብ ብምውሳድ ደኣ እምበኣር፡ ክፍኣት ኣብ ልቢ ሰብ ብምእታው ኣይኰነን ንሰብ ዘትርሮ። ባህርያዊ ሳዕቤን ናይ ሓጥእ ሰብ ተሪር ልቢ እዩ። ፈርኦን ንኣምላኽዕ ክሳዕ ክንድቲ ስለ ዝተጻረሮ፡ ኣምላኽዕ ብምሕረቱ ኪበጽሖ ኣብ ዘይክእል በጽሔ። ምሕረት ኣምላኹዕ ካብ ህይወት ፈርኦን ምስ ኣልገሰ ከኣ፡ ልቡ ኪተርር ናይ ግዲ እዩ። ገለ ሰባት ኣለዉ ኣብ ዝመችኣኒ ጊዜ ምስ ኣምላኽ ኪቃናዕ እየ ኢሎም እቲ ኣምላኽ ኪዛረቦምን ኪጽውዖምን ከሎ ሸለል ይብልዎ። ግናኸዕ ንሕና ኣምላኹ ምሕረቱ ዘርጊሑልና ከሎ ጥራይ ኢና እንድሕን። ምሕረት ኣምላኽ ምስ ዘልገሰ ግና፡ ልቢ ሰብ ይተርር፡ ንኣምላኽ ከኣ ፈጺሙ ኪረክዖ ኣይክእልን።*

*ምሕረት ኣምላኽዕ ምስ ዘልገሰ፡ ሳዕቤኑ ናብቲ ልቡ ዘትረረ ፈርኦንን ሰዓብቱ ዝወረደ ዓ ሰርተ መዓት ክንምልከት ንክእል። ኣብ መወዳእታ ከኣ ሳዕቤኑ ናይ ዘለኣለም ገሃነም እዩ።*

***ቀዳማይ መዓት።*** *መዝ. ዳዊት* 105፡29, *ዘጽ.* 7፡15-24። *"ማያቶም ናብ ደም ለወጠ። ዓሳታ ቶም ከኣ ቐተለ።" እቲ ማያት ነቶም ዓሳታት ስለ ዘይተሰማምዖም ሞቱ። እቲ በረኸቶም ዝነበረ*

ፈለግ ኒል፡ መርገሞም ኰነ። ማይ ዝዓበየ በረኸት እዩ እንተ በዝሐውን ኣይጽላእን እዩ። ደም ግና ንክቱርእዮ እኳ ዘሰክሕ እዩ። ርባታት ደም ክትርኢ ዘሰንብድ ነገር እዩ። ዓሳታት ቀንዲ መግቢ ናይ ግብጻውያን እዮም፡ ኣብ ርባታት ደም ሞይቶም ኪሰፍፉ ከለዉ ንምርኣዮም ኣዝዩ ዓቢ መርገም ነበረ። ምእንቲ ኵሎም ግብጻውያን ኪፈልጥዎ ኢሉ፡ ኣምላኽ ንኹሎም ዚትንክፍ መርገም ኣምጽኤ። ብግብሮም ተጣዒሶም እንተ ዝኸውኑ፡ እቲ መርገም ናብ ኣምላኽ መቕረቢም እሞ ንበረኸት ምኸፀኖም ነይሩ። ግናኸ ልቦም ኣትረሩ። ንልብና ዚሰብር ዝመስል ብርቱዕ ጓሂ ይመጸና ይኸውን። ናብ ኣምላኽ ዶ እዩ ዝመርሓና? ወይ ናብ ኣምላኽ ኪመርሓና እዩ ወይ ከኣ ንልብና ከቱርሮ እዩ፡ ዝኸፋ ይኸውን ኵነታት ወይ ናብ ኣምላኽ ኪመርሓና ወይ ከኣ ንልብና ከቱርሮ ንሕና ከም ዝገበርናዮ ምርጫ እዩ።

**ካልኣይ መዓት።** መዝ. 105፡30, ዘጽ. 8፡1-15። "ምድሮም ብቈርየብ መልኤት።" እዘን ቊርየብ ኣብ ቤት ንጉስ ከይተረፈ ኣተዋ። እዚ ንፈርኦን ኣዝዩ ዘዋርዶን ዘትሕቶን ኰይኑ ተሰምየ። ቊርየብ ሓንቲ ጉድኣት የብላን ግና ንብዙሓት ሰባት ኣዝያ እተፈንፍን እያ። ኣምላኽ፡ ኣብ ክንዲ ቊርየብ፡ ጽንጽያ፡ ቃርማስ፡ ብሓርገጽን ኣንበሳን ድብን ተኸቲሎን ጌይሩ ንፈርኦን ንህዝቡን ብቐሊል ምደምሰሶም ነይሩ። ከምዚ እንተ ዝገብር፡ ግና ካብ ኵርዓቶም ትሕት ከይበሉ፡ ምጠፍኡ ነይሮም። ኵርዓት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኣዝዩ ፉንፉን እዩ። ኣብ ቅድሚ ፍቓድ ኣምላኽ ትሕት ኣይብልን። ኣምላኽ ነዚ ኵርዓትዚ ኪሰብር ኢሉ እዩ ዝዓዪ ዝነበረ። ፈርኦን ግና ትሕት ኣይበለን። ነቶም ጠንቈልቱ ከምቲ ሙሴን ኣሮንን ዝገበርዎ ኪገብሩ ኣዘዞም። ከምኡ ከኣ ገበሩ፡ ዘጽ.8፡7፡ ግናኸ ኬልግስዎ ኣይከኣሉን። ድሕርዚ ፈርኦን ንሙሴን ኣሮንን፡ ኣምላኽ ነቲ መዓት ኬልግሶ፡ ኪልምንዎ ሓተቶም። ሙሴ ንኣምላኽ ለመነ እሞ እተን ቊርየባት ሞታ። ምስ ሞታ ኣኪቦም ኰመርወን፡ እታ ምድሪ ከኣ በድበደት። ፈርኦን ግና ጌና ልቡ ኣትረረ። ኵርዓት ዓቢ ጸላኢ ናይ ኣምላኽን ናይ ሰብን እዩ።

**ሳልሳይ መዓት።** መዓት ናይ ቃርማ። መዝ. 105፡31፣ ዘጽ.8፡16-19። እዚ ቃርማ ተባሂሉ ዘሎ ኣብዚ፡ ኣብ ኣካላት ሰብ ልግብ ኢሉ ደም ይመጺ። ብቐሩብ ሰዓታት ካብ ክንዲ ጸጸር ዝኸውን ዝነበረ፡ ክንዲ ዓይኒዓተር ይኸውን። እቶም ኵሩዓትን ሃብታማትን ግብጻውያን፡ ከምቶም ለመንቲ፡ ብቓንዛን ስሓን ናይቶም ቃርማ ኣዝዮም ተሳቐዩ። ኣምላኽ ንዕቡያት ሰባት ብመላእኽቲ ዘይኰነስ፡ ብቃርማ፡ ኪዋግኦም ይርኤ።

**ራብዓይ መዓት።** መዓት ናይ ጸንጽያ። መዝ.ዳዊት 105፡31፡ ዘጽ.8፡20-32። እዚ ጸንጽያ ኢልዎ ዘሎ ኣብዚ፡ እቲ ናይ ገዛ ጽንጽያ ጥራይ ኣይኰነን፡ ጽንጽያ ናይ ከብቲ፡ ጣንጡ፡ ኵሉ ዓይነት ተናኻሲ ሓሰኻ ዚጥቕልል ነበረ። እዞም ሓሰኻታት እዚኦም ስቓይ ጥራይ ዘይኰነስ፡ ንግብጻውያን ሕፍረትን ውርደትን ከኣ ኣምጽኡሎም። ክሳዕ ክንድቲ ዘሳቕዮምን ዘሕፍሮምን ስለ ዝነበረ፡ ፈርኦን ቅሩብ ሕራይ ኪብል - መረ። "ክፀድገኩም እየ...... ኣርሒቕኩም ደኣ ኣይትኺዱ፡" ከኣ በሎም። እዚ ካብ ጽንጽያ ዝመጸ መዓት ብርቱዕ መዓት ዘይመስል እኳ ክነሱ፡ ንልቢ ፈርኦን ቁሩብ ኪሰብሮ ከአለ። ሙሴ ነቲ መዓት ምስ ኣልገሶ ግና፡ ፈርኦን ተጣዕሰ እሞ፡ ኣይሓድገኩምን እየ፡ በሎ።

***ሓምሻይ መዓት።*** *ኣብ ከብቲ ዝወረደ መዓት። ዘጽ. 9፥1-7። ኣምላኽ ንፈርኦን ብብዙሕ መገድታት ኣጠንቀቖ። ምስማዕ ምስ ኣበየ ግና፣ ንኲለን ማል ግብጺ ዚቐትል ሕማም ሰደደ። ፈርኦን ጌና ልቡ ኣትረረ፣ ነቶም ህዝቢ ከኣ ምስዳዶም ኣበየ። ኣምላኽ ነቶም ናቱ ከም ዚሓልየሎምን፣ ከምኡ ዝበለ ካልእ ኣምላኽ ከም ዘየልቦ ከኣ ምእንቲ ኪገልጽን ኢሉ፣ ደቂ እስራኤል ሰብ ማል እኳ ክነሶም፣ እቲ ሕማም ንማሎም ብፍጹም ኣይተንከፈን። ልቢ ግብጻውያን ግና ጌና ተረረ። እታ ብሓጢኣት ዝተኣሰረት ነፍሲ ከኣ፣ ንኣምላኽ ምስማዕ ምስ እትኣቢ፣ እናተረረት እያ እትኸፅድ።*

***ሻድሻይ መዓት።*** *ፎቕፎቕ ዚብል ሕበጥ። ዘጽ. 9፥8-11። ካብቲ ዝደኸፀ ክሳዕ እቲ ዝሃብተመ ግብጻዊ፣ ብሕበጥን ቊስልን ተወቕዑ። እቲ ሕበጥ ኣብቶም ጠንቈልቲውን ወጸ። ከምዚ ዝበለ ሕማም ከምጽኡ ኣይከኣሉን፣ ካብ ገዛእ ርእሶም ኰነ ካብቶም ህዝቢ ድማ ኬልግስዎ ኣይከኣሉን። ኣብዛ መዓትዚኣ ምጥፋኦምን ዘይምጥፋኦምን ኣይንፈልጥን፣ ግናኸዐ ብድሕሪዛ መዓት'ዚኣ ብዛዕባኦም ኣይነንብብን። ዝከፋ ከፀዩኑ ምስቶም ልኡኸት ኣምላኽ ምጽራር ገደፍዎ። እቲ ዝኸፍኤ ሰብ እኳ ምስ ኣምላኽ ተጻሪሩ ከም ዘይስዕር ዝእመነሉ እዋን ይመጽእ እዩ።*

***ሻብዓይ መዓት።*** *በረድን ሃልሃልታ ሓዊን። መዝ. ዳዊት 105፥32-33, ዘጽ.9፥18-34። ከምኡ ዝበለ ማዕበልን ሁከትን ኣብ ግብጺ ተራእዩ ኣይፈልጥን። እቲ ዓቢ ኣምላኽ እስራኤላውያን ካብቶም ኣማልኸቲ ግብጻውያን ዝዓቢ ከም ዝከፀ ተገልጸ። ግብጻውያን ከኣ ንፈርኦ ንእስራኤ ላውያን ኪኸፉ ኪሓድጎም ለመንዎ። ድሕርዚ ስድራኦም ሓዲጎም፣ ሰብኡት ጥራይ፣ ከኸዱ ፈቐደሎም ሙሴ ግና ኣበየ።*

***ሻምናይ መዓት።*** *መዓት ናይ ኣንበጣ። መዝ.ዳ 105፥34, ዘጽ.10፥1-20። ንኣካላት ሰብ ዘይጕድኡ እኳ እንተ ከፁ፣ ብብዝሖም ነታ ምድሪ ኣጸልመትዋ። ንፍረ ምድሮም ከኣ በልዑ። ኣብ ርእሲ እቲ ከኹሉ ዝሓለፈ መዓታት፣ ሕጂ ከኣ መግቦም ምስ ተደምሰሰ፣ ፈርኦን በቲ ዝገበሮ ተጣዕሰ እሞ ይቕሬታ ለመነ። እቲ መዓት ምስ ሓለፈ ግና ጌና ምኻድ ከልኦም። መገዲ ረሲኣን ከምኡ እዩ። ኪሸግሮም ከሎ ይንስሑ። ምስ ረሃዎም ግና ኣብታ ናይ ቀደሞም ይምለሱ።*

***ታሽዓይ መዓት።*** *መዓት ናይ ጸልማት። መዝ.ዳዊት 105፥28, ዘጽ. 10፥21-29። ብሰብ እተሰርሐ ብርሃን እኳ ዘይርከበሉ እዋን ነበረ። እዚ ጸልማትዚ ምልክት ናይቲ ዝነበሮም መንፈሳዊ ጸልማት ኪኸውን ዚክኣል እዩ። እታ ዘምልክዋ ዝነበሩ ጸሓይ ኣውደቐቶም። እቲ እስራኤል ዘምልኽዎ ዝነበሩ ኣምላኽዐ ግና ኣብ ከምዚ ዝበለ ጸልማት፣ ነቶም ዘምልክዎ ብርሃን ሃቦም። ኵሎም ንኣምላኽዐ ምሉእ ፍቕርን ምእዛዝን ዘይብሎምን፣ ኵሎም ንካልኦት ኣማልኽቲ ዘገልግሉን፣ እንተ ዘይተነስሑ፣ ግዲኦም ዝርምሰስ ጸልማት ኪኸውን እዩ። ፈርኦን በዚ መዓትዚ ቁሩብ ተተንከፈ እሞ፣ ማልኩም ገዲፍኩም ኵልኩም ክትከዱ ትክእሉ ኢኹም በሎም። ሙሴ ግና ኣበየ።*

ዓስራይ መዓት። በኸዉ ናይ ግብጺ ተቐትለ። መዝ.ዳዊት 105፡ 36, ዘጽ. 12፡1-42። እዚ ኣብቲ ናይ ዝመጽእ ዘሎ ሰንበት ትምህርቲ ክንምሃሮ ኢና።

2. ኣብ መንጎ ሰናይን ክፉእን ዘሎ ውግእ። ክፉኣት መናፍስቲ ንሰብ ኣብ ባርነት ሓጢኣት ኪጭቑንዎ ይጋደሉ። ሰብ ካብዚ ባርነትዚ ኪወጽእ ናብ ኣምላኽ እንተ ዘይተጸግዔ፡ ንምሕረት ኣምላኽዐ ከኣ እንተ ነጸገ፡ ልቡ መመሊሱ ዝተረረ ይኸውን። ኣምላኽ ካብ ባርነት ሓጢኣት ከውጽኣና ኢሉ ብርቱዕ መቕጻዕቲ እንተ ኣውረደልና፡ እዚ ምሕረቱ እዩ። ካብ ሓጢኣትካ ተነሳሕ፡ ተናዘዝ፡ የሱስ ካብ ሓጢኣትካ ከም ዘድሕነካ ከኣ እመን። ካብ ባህሪ ሓጢኣት ክንጽሃካ፡ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ክትነብር ከኣ ሓይሊ ኪህበካ፡ ንመንፈስ ቅዱስ ለምኖ። በዚ ከምዚ ካብ ባርነት ሓጢኣት ክትመልቑ ትኽእል።

## ሕቶታት

1. ምሕረት ኣምላኽዐ ምንጻግ ሳዕቤኑ እንታይ እዩ?
2. ስለምንታይ እዩ ኣምላኽ ክንጭነቕ ዝገድፈና?
3. ንኣምላኽ ምጽራር እንታይ እዩ ሳዕቤኑ? ከመይ ጌርናከዐ ኢና ንኣምላኽ እንጻረሮ?
4. ካብ ፍርዲ ናይ ኣምላኽዶ ክንመልቕ ንኽእል? ከመይ ጌርና?

## መረድኢ

ኣብ መወዳእታ እንታይ ከም ዝመጸካ ከይሓሰብካ፡ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ምንባር ዓቢ ዕሽነት ዚገልጽ እዩ። ሓደ ሰብኣይ ኣብ ሓደ ሆቴል ኣትዩ፡ ዝብላዕን መደቀስን ካልእ ዘድልዮን ኣዘዘ። ኣብዚ ሆቴልዚ ከኣ ንቁሩብ ጊዜ ተቐመጠ። ኣብ መወዳእታ ሕሳብ ናይ ኵሉ ዘጥፍኦ መጸ። እቲ ሰብኣይ ነቲ ሕሳብ ምስ ረኣየ ብምድናቕ፡ "ብዛዕባዚ ደኣ መኣስ ሓሲበ። ፈጺመ ኣይሓሰብኩሉን፡" በለ። እቲ ዋና ናይታ ሆቴል፡ "ኣብ ከምዚ ዝበለ ስፍራ ተቐሚጡስ፡ ሕሳብ ከም ዝመጸ ዘይሓሰበሉ ሰብኣይ እንሆ። እዚ ወይ ጽሉል፡ ወይ ከኣ ሰራቒ እዩ፡" ኢሉ ተዛረበ። ከምዚ ሰብኣይዚ ዝበሉ ብዙሓት ሰባት ኣለዉ። ይበልዑ፡ ይሰትዩ፡ ይሓጥኡ፡ እቲ ኣብ መወዳእታ ዝመጾም ግና ኣይ ሓስቡሉን። ዝገበርዎ ኩሉ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ፡ ኣብ ፍርዲ ከም ዝመጽእ ይርስዑ።

## መ- መርታ ፋሲጋ ኣይሁድ
## ቅዱስ ጽሑፍ - ዘጽ. 11፥1, 12፥21-31

1 - እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ናብ ልዕሊ ፈርኦንን ናብ ልዕሊ ግብጽን ጌና ሓደ መዓት ከምጽእ እየ። ድሕርቲ ካብዚ ክሰደኹም እዩ፡ ክሰደኩም እንከሎ እውን ፈጺሙ ካብዚ ከባርረኩም እዩ።

12፥21 - ሙሴ ድማ ንኹሎም ዓበይቲ እስራኤል ጸዊዑ በሎም፥ ነንማይ ቤትኩም ገንሸል ሓሪኽም ውሰዱ እሞ ፋስጋ ሕረዱ።

22 - ዕትርቲ ስምዕዛ ውሰዱ፡ ኣብቲ ኣብ ጭሕሎ ዘሎ ደም ከኣ ጥምዕዎ፡ ነቲ ላዕላይ ልዳትን ንክልቲኡ ቀዋሚ ልዳትን በቲ ኣብ ጭሕሎ ዘሎ ደም ልኸይዎ። ክሳዕ ብጊሓት ድማ ካባኻትኩም ሓደ ሰብ እኳ ካብ ኣፍ ቤቱ ኣይውጻእ።

23 - እግዚኣብሄር ንግብጻውያን ኪወቅዕ ኪሓልፍ እዩ እሞ፡ ነቲ ደም ኣብ ላዕላይ ልዳትን ኣብ ክልቲኡ ቀዋሚ ልዳትን ምስ ረኣየ፡ እግዚኣብሄር ነታ ደገ ክሓልፋ እዩ፡ ነቲ ዜጥፍእ ድማ ናብ ቤትኩም ኣትዩ ኪወቕዓኩም ኣይሓድጎን።

24 - እዚ ነገርዚ ንኣኻን ንደቅኻን ሕጊ ዘለኣለም ጌርኩም ሓልውዎ።

25 - ኪኸውን ከኣ እዩ፡ ናብታ እግዚኣብሄር ዚህበኩም ምድሪ ምስ ኣቶኹም ከምቲ እተዛረቦ፡ ነዚ ኣገልግሎት እዚ ሓልዉ፡

26 - ኪኸውን ድማ እዩ፡ ደቅኹም እዚ ኣገልግሎትኩም እንታይ እዩ? ምስ ዚብሉኹም፡

27 - ንስኻትኩም ከኣ፡ እዚ ነቲ ንግብጻውያን ኪወቅዕ ከሎ፡ ኣብ ግብጺ ኣባይቲ ደቂ እስራኤል ዝሓለፈ፡ ኣባይትና ድማ ዘድሓነ እግዚኣብሄር መስዋእቲ ፋስጋ እዩ፡ ትብሉ። እቲ ህዝቢ ከኣ ፍግም ኢሉ ሰገደ።

28 - ደቂ እስራኤል ድማ ከይዶም ከምኡ ገበሩ። ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴን ንኣሮንን ዝኣዘዞም ገበሩ።

29 - ፍርቂ ለይቲ ምስ ኰነ፡ እግዚኣብሄር ንኹሉ በዅሪ ሃገር ግብጺ፡ ካብቲ ኣብ ዝፋኑ ዚቕመጥ በዅሪ ፈርኦን ክሳዕ በዅሪ እቲ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘሎ እሱር፡ ንኹሉ በዅሪ እንስሳ ድማ ቐተለ።

30 - ሽዑ ፈርኦን፡ ንሱን ኲሎም ገላዉኡን ኲሎም ግብጻውያንን ብለይቲ ተንስኡ፡ ምውት ዜይብላ ቤት ኣይነበረትን እሞ፡ ኣብ ግብጺ ብርቱዕ ዋይዋይታ ኰነ፡

31 - ንሙሴን ንኣሮንን ብለይቲ ጸዊዑ ድማ፡ ንስኻትኩምን ደቂ እስራኤልን ተንስኡ እሞ ካብ ማእከል ህዝበይ ውጹ። ከምቲ ዝበልኩምዎ ኪዱ ንእግዚኣብሄር ኣገልግሉ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ።** *ገንሸል ፋሲጋና፡ ማለት ክርስቶስ፡ ተሰዊኡ እዩ። 1ይ ቈረ.5፥7።*

## መዓልታዊ ትምህርቲ

**ጊዜ፡፡** 1491 ቅ.ል.ክ. ኣቢሉ ዝተፈጸመ እዩ። ፋሲጋ ኣይሁድ፡ ልክዕ ከምዚ ናትና ፋሲጋ፡ ኣብ መወዳእታ መጋቢት ወይ ኣብ መ- መርታ ሚያዝያ እናተቐያየረ ይብዕል ነበረ።

**ሰፈር፡፡** ምድሪ ጎሼን፡ ኣብ ግብጺ።

**ቀንዲ ሓሳባት።** ኣብዚ ናይ ሎሚ ትምህርትና፡ እዚ ናይ ብሉይ ኪዳን ምልክት፡ ምስቲ ናይ ሓድሽ ኪዳን ትርጉሙ ኣነጻጺርና ንመልከቶ። ካብ ሓጢኣትና ዘድሕነና ገንሸል ኣምላኽ ኣድ ለየ። እቲ ደም ናይቲ ገንሸል ከኣ ኣብ ልዳት ልብና ኪርከብ ኣድላዪ እዩ።

## መግለጺ

1. **ልደት መንግስቲ እስራኤል።** -መንፈሳዊ ልደት-። ኣምላኽ ካብ ቀደም ኣትሒዙ፡ ደቂ እስራኤል ናብ ግብጺ ከይመጹ ከለዉ፡ ኣብኡ ንክነሱ ጊዜ ኪነብሩ መደቡ ኣይነበረን። ንእሽቶ ስድራ ቤት ከለዉ፡ ብጥሜት ምኽንያት ከይሞቱ ኢሎም ናብ ግብጺ ተሰዱ። ምኽንያቲ ዮሴፍ ኢሎም ግብጻውያን ኣብ መ- መርታ ጽቡቕ ጌይሮም ተቐበልዎም። ከምቲ ኣብ መ- መርታ ኣብ ቅድሚ ግብጻውያ ሞገስ ዝረከቡዎ፡ ከምኡ ቀጺሎም እንተ ዝከዱ፡ ደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ኪወጹ ኣይምደለዩን ነይሮም። ግናኸ ድሕሪ ቕሩብ ዘመን፡ ግብጻውያን ንደቂ እስራኤል ባሮት ገበርዎም። እቶም ኣብ ልዕሊኦም ዝተሸሙ ኣዘዝትን፡ ባርነት ግብጻውያንን ግና ዓቕሎም ኣጽበብሎም። ብጸበባኦም ከኣ ናብ ኣምላኽ ኣእወዩ፡ ኣምላኽ ሰሚዑ ድማ ኬድሕኖም ኢሉ ንሙሴን ነቲ መዓታትን ሰደደ። እቲ ዝወረደ ትሽዓተ መዓታት ኣብ ናይ ዝሓለፈ ሰንበት ትምህርትና ተማሂርናዮ። ሎሚ ከኣ እታ ዓስረይቲ መዓት ክንምሃራ ኢና። ድሕሪዛ መዓትዚኣ ከኣ ፈርኦን ነቶም ባሮት ኪኸዱንዎ ዚሕዞም ዝነበረ ህዝቢ፡ ደፊኡ ኣውጽኦም። ደቂ እስራኤል ናብ ግብጺ ኪመጹ ከለዉ፡ ሒደት ስድራ-ቤት እዮም ነይሮም። ድሕሪ ቁሩብ ጊዜ ግና ዓቢ ጭፍራን ብርቱዓት ህዝብን ኮኑ።

**ኣብ ሓድሽ ኪዳን እንረክቦ ትርጉም።** ግብጺ ምልክት ናይ ሓጢኣት እያ። ቅድሚ ንግብጺ ምግዳፉ ሙሴ፡ ወይ ንጊዜኡ ብሓጢኣት ባህ ኪብል፡ ወይ ከኣ ምስ ህዝቢ ኣምላኽ መከራ ኪጸግብ፡ ሓዲኡ ኪመርጽ ነበሮ። እብ. 11፡24-27። ምስ ህዝቢ ኣምላኽ መከራ ምጽጋብ መረጸ እሞ ንግብጺ ሓደጋ። ንሕና ከም ደቂ እስራኤል፡ ቅድሚ ዝሓሸ ናብራ ምርካብና፡ እቲ ዘሎናዮ ኩነታት ከመይ ከም ዝከፍአ ኣጸቢቕና ክንርድኦ ኣሎና። ሓጥኣን ከም ዝከፋእና ክንፈልጥን ክንእመኖን ይግባእ። ድሕርዚ ጥራይ ኢና ሓጢኣትና ናይ ብሓቂ ክንናዘዝ እንኽእል። "ሓጢኣትና እንተ ተናዘዝና፡ ንሓጢኣትና ይቕረ ከይበለልና፡ ካብ ኩሉ ዓመጻውን ኬንጽሃና፡ እሙንን ጻድቕን እዩ።" ናብ ክርስቶስ ብምቕራብ፡ ካብ ባርነት ሓጢኣት ናብ ሓርነት ኣምላኽ ክንሓልፍ ንኽእል። ሮሜ 8፡21። "ካብ ልዕሊ ክትውለድ ብግዲ እዩ።" ዮ.3፡7። እዚ መንፈሳዊ ልደትና እዩ። ካብ ሓጢኣት ሓራ ወጺእና፡ ሓድሽ ህይወት እንለብሰሉ ጊዜ እዩ። "ስለዚ ሓደ እኳ ብክርስቶስ እንተ ኣልዩ፡ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ፡ እቲ ብሉይ ሓሊፉ፡ እንሆ ኩሉ ሓድሽ ኰይኑ። 2ይ ቈረ. 5፡17።

**2.. ዝተሓርደ ገንሸል።** - ክርስቶስ - ገንሸል ኣምላኽ።- ፈርኦን ድሕሪ እቲ ትሽዓተ መዓታት ምስማዕ ምስ ኣበየ፡ እግዚኣብሄር ንሙሴ በሎ፡ "ናብ ልዕሊ ፈርኦንን ናብ ልዕሊ ግብጽን ገና ሓደ መዓት ከምጽእ እየ። ድሕርቲ ካብዚ ክትወጹ ክሓድገኩም እዩ። እቲ ክሓድገኩም ከሎ ድማ፡ ደፊኡ ክሰጐኩም እዩ። "መልኣኽ ሞት መጺኡ፡ ንኹሉ በኹሉ ሃገር ግብጽን በኹሉ እንስሳን ወቕዔ። ካብዚ መዓትዚ ዚድሓኑ፡ እቶም ኣብ ልዳት ማዕጾኦም ደም ናይ ዝተሓርደ ገንሸል ዝነበሮም ጥራይ ነበሩ። እቲ መልኣኽ ሞት ነቲ ምልክት ናይ ደም ዝነበሮ ቤት ሓለፎ። እቶም ኣብ ኣፍ ልዳቶም ምልክት ናይ ደም ዝነበሮም ሰባት፡ ከመይ ዝበለ ሓጐስ ይስምዖም ነይሩ ከመይ ይኸውን? ሓጐሶም ብኽልተ ወገን ነበረ። በቲ ሓደ ወገን፡ እቲ መልኣኽዐ ሞት በታ ለይቲ እቲኣ ኪሓልፍ ከሎ፡ ከይወቕዔ ኪሓልፎም ከም ዝኾነ ብምፍላጥ፡ ብዘይ ፍርሂ ክዕርፉ ስለ ዝኸኣሉ። በቲ ሓደ ወገን ከኣ ንጽብሒቱ ካብ ባርነት ግብጺ ሓራ ከም ዝወጹ ብምፍላጥ። እዚ ዓቢ ሓጐስ ዘምጽእ ነገራት እዩ።

ዝኾነ ገንሸል ነዚ መስዋእቲዚ ብቑዕ ኣይነበረን። "ዓመት ዝገበረ፡ ጒድለ ዜብሉ ተባዕታይ ገንሸል፡" ኪኸውን ነበሮ። ምሉእ ሓይሊ ዘለዎን፡ ፍጹምን ኪኸውን ነበሮ። እዚ ገንሸልዚ ኣብ መበል 14 መዓልቲ ናይቲ ቀዳመይቲ ወርሒ ናይ ዓመት፡ ኪሕረድ ነበሮ። እቲ ገንሸል በኛ ናይ በኹሉ ናይታ ቤት ተሰውኤ። ስጋኡ ድማ ከም ናብ መገሻ እተዳለዉ ብቕልጡፍ ተበልዔ። ዘጽ. 12፡11። እቲ ስጋ ንኣካላቶም ሓይሊ ዚህብ ነበረ። ከምቲ ኣምላኽ ዝበሎም ይገብሩዶ ኣይገብሩን ዝብል መርመራ ናይ እምነቶምን ምእዛዞምን ከኣ ነበረ። በዚ ምስ ኣምላኽ ብቕዱስ ኪዳን ሓበሩ።

**ኣብ ሓድሽ ኪዳን እንረክዐ ትርጒም።** እቲ ካብ ናይ ዘለኣለም ሞትን ካብ ባርነት ሓጢኣትን ከውጽኣና ዝኽእል ሓደ ተስፋና፡ በቲ መስዋእቲ ናይ ገንሸል ኣምላኽዐ ጥራይ እዩ። መስዋእቲ ሓጢኣትና ኪኸውን ብቑዕ ገንሸል ነበረ። 1) ጒድለ ዘይብሉ፡ ፍጹም፡ ኣበር ዘይርከቦ ነበረ። 2) ንሱ ብዝገበሮ ኣበር ወይ ሓጢኣት ኣይኮነን ዝሞተ። ብኹሉ ንጹህ ነበረ። 3) ኣብ ጒብዝናኡ ሞተ። 4) ምእንቲ ካልኦት ተሓርደን ተሰውኤን። 5) ኣብቲ ኣይሁድ ፋስጋኦም ዜብዕልሉ እዋን፡ ማለት እቲ ገንሸል ዝሓርዱሉ እዋን፡ ከኣ ተሰውኤ። - ማሪ ናይ ሓድሽ ዘመን፡ ናይ ሓድሽ ዓመት ኮነ። 6) ሓንቲ ዓጽሚ እኳ ኣይተሰብረትን። እዚ ኣብ ኣካላቱ ከም ኣብቲ መንፈሳዊ ዕዮኡ ተፈጸመ። በቲ ሓጢኣት ዓለም ዜርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ - ዮሃ. 1፡29 - ማለት ሓጢኣት ዘይፈለጠ ገንሸል፡ ምእንትና ግና ሓጢኣት ዝኾነ፡ ብኡኡ ኢና እንድሕን። 2ቈረ. 5፡21።

ተኻፈልቲ ናይ ክርስቶስ ክንከውን ኣሎና። "ስጋ ወዲ ሰብ እንተ ዘይበላዕኩም፡ ደሙውን እንተ ዘይሰተኹምሲ ህይወት ከም ዜብልኩም እብለኩም ኣሎኩም።" ዮሃ.6፡53፣ ሮሜ 8፡9። ክርስቶስ መግቢ ናይ ነፍሲ እዩ። ከምቲ መግቢ ንኣካላትና ዘደልድሎ እሞ ስጋን ደምን ዝኸውን፡ ከምቲ ትምህርቲ ነእምሮና ዘግፍሖን ዘዕብዮን፡ ከምኡ ሕብረትና ምስ ኣምላኽ ንመንፈሳዊ ህይወትና የደልድሎን የስፍሖን የዕብዮን።

ኣይሁድ ነቲ ገንሸል ፋሲጋ ምስ መሪር ሓምሊ ኪበልዕዎ ነበሮም። እዚ ምልክት ናይ ምረት ሓጢኣት እዩ፡ ሓጢኣት ምስ መረረና ጥራይ ኢና ናብ ንስሓ እንመጽእ። ነቲ መሪር ሓምልን ስጋን ብዘይ በኽዔ ቅጫ ኪበልዕዎ ነበሮም። እዚ ምልክት ናይ ንጽህና እዩ። ነዚ ኪበልዑ ከለዉ፡ ንምኻድ እተዳለዉ ኪኾኑ ነበሮም። ከምኡ ከኣ ክርስትያናት ንኣገልግሎት ጐይታ ድሉዋት ኪኾኑ ኣለዎም። እዚ ኩሉ ምልክት ናይ ክርስትያናዊ ህይወት እዩ።

**3. ንምድሓን ዝኾውን ደም።** ደቂ እስራኤል፡ "ስምዕዛ ወሲድኩም ነቲ ላዕላይ ልዳትን ንክልቲኡ ቐዋሚ ልዳትን በቲ ደም ልከዩዎ። ተባህሉ። ምድሓን ኣብቲ ብደም ዝተለኸየ ኣባይቲ ስለ ዝነበረ፡ ካብ ኣባይቶም ከይወጹ ከኣ ተኣዘዙ። "ድሕሪኡ እግዚኣብሄር ንግብጻውያን ኪወቅዕ ኪሓልፍ ከሎ፡ ነታ ደገ ክሓልፋ እዩ፡ ነቲ ዘጥፍእ ድማ ናብ ቤትኩም ኣትዩ ክወቕዓኩም ኣይሓድጎን።"

**ኣብ ሓድሽ ኪዳን እንረኽቦ ትርጕም።** ደም ናይ ክርስቶስ ካብ ኩሉ ሓጢኣት ከንጽሃና ይኽእል፡ ብእኡ ጥራይ ከኣ ኢና ክንድሕን እንኽእል። ስለዚ ክርስቶስ ኣብ ልብናን ቤትናን እንተደአ ኣልዩ፡ ገለ ዘፍርሃና የልቦን። "ደም የሱስ ክርስቶስ ወዱውን ካብ ኩሉ ሓጢኣትና የንጽሃና እዩ።" 1ይ ዮሃ. 1፡7።

**4. ካብ ባርነት ምውጻእ።** - ካብ ባርነት ሓጢኣት ሓራ ምውጻእ። ፍርቂ ለይቲ ምስ ኮነ፡ መልኣኽ እግዚኣብሄር ብማእከል ግብጺ ሓለፈ። ደቂ እስራኤል ከኣ ካብ ግብጺ ኪወጹ ተዳልዮም ነበሩ። ኣብ ግብጺ ግና፡ እግዚኣብሄር ንኩሉ በኽሪ ግብጺ ስለ ዝወቕዔ፡ ዓቢ ዋይዋይታ ኮነ። "ምውት ዘይብላ ቤት ድማ ኣይነበረትን።" ሓደ ካብቶም ደቂ እስራኤል ስለ ዘይሞተ ከኣ፡ ኢድ እግዚኣብሄር ከም ዝወቕዔት ተፈልጠ።

ብዙሓት ካብቶም ዝተወቕዑ በኸረታት፡ ዓበይቲ ሰብኡት ሰብ መዓርግ ነበሩ። ብዘይጥርጥር ከኣ ካብቶም ንእስራኤል ዝጭቍኑን ዝእዝዙን ዝነበሩ፡ ሞቱ። ብዙሓት ካብቶም ላዕለዎት፡ ማለት ዓይኒ ናይ ግብጺ ስለ ዝሞቱ ከኣ፡ ኣብ መዝ. ዳዊት፡ "በኸሪ ሓይሎም ወቕዔ፡" ዝብል ነንብብ።

**ኣብ ሓድሽ ኪዳን እንረኽቦ ትርጉም።** ፍርቂ ለይቲ ምልክት ናይቲ ኣምላኽ ካብ ሓጢኣትና ከውጽኣና ምስ መጸ ዝነበረና ጸልማት ዝኸፍአ ኩነታት እዩ። ወዲ ኣምላኽ ከድሕነና ምስ ዚመጽእ፡ ብድያብሎስን ሰዓብቱን ብዙሕ ዋይዋይታ ይኾውን። ሰይጣንን ሰዓብቱን ድማ ይስዓሩ። ከምቲ ጽሑፍ ዝብሎ፡ "ሳላ ድም እቲ ገንሸልን ሳላ እቲ ቃል ምስክርናን ድማ ንስዕ ር።" ራእ. 12፡11።

**5. መጠርነፍታ ሓሳብ።** ድሕርቲ ፍርቂ ለይቲ ዝወረደ መዓት፡ ፈርኦን ንደቂ እስራኤል ኪወጹ ፍቓድ ምሃብ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኪወጹ ሃወኾም። ግብጻውያንውን፡ ኩልና ክንመውት ኢና፡

ኢሎም ሃወክዎም። እግዚኣብሄር ምስ ደቂ እስራኤል ከም ዘሎ ተረድኡ። ኣምላኽዐ ንክርስት ያናት ኣብ ቅድሚ ሰጐጉቶም ሞገስ ኪህቦም እክዕል እዩ። ንእስራኤላውያን ኣጽበቡሎም፡ ሕጂ ግና ኣብ ኢድ እቲ ኩሉ ዝክዕል ከም ዘለዉ ተረዲኦም። "እግዚኣብሄር ኣብ ቅድሚ ሰብ ግብጺ ሞገስ ሃቦም።" ግብጻውያን በዚ እዋንዚ ንደቂ እስራኤል ወርቅን ብሩርን ክዳውንትን ሃብዎም። ብከምዚ ዝበለ መገዲ፡ ኣብ ልዕሊ ጨቈንቶም ዓወት ረኺቡ፡ ካብ ግብጺ ድማ ወጹ።

ንሕና ከኣ ካብ ባርነት ሓጢኣት ዓቢ ዓወት ክንረክብ ንክዕል ኢና። እቲ እንወስዶ ቅዱስ ቁርባን ንመዘከርታ ናይዚ ዓወትዚ ኢና እንገብሮ። ድሕሪ ሕጂ ቅዱስ ቁርባን ክንካፈል ከሎና፡ ኣብ ልዕሊ ባርነት ሓጢኣት ዓወት ከም ዝረከብና ክንዝክርን ከነመስግንን ኣምላኽዐ ይሓግዘና።

**ሕቶታት**

1. ኣብ ሓድሽ ኪዳን፡ ምልክት ናይ ግብጺ፡ ናይቲ ዝተሰውኤ ገንሸል ናይቲ ደም ገንሸል፡ ሓራ ምውጻእ፡ እንታይ እዩ?
2. ምእንቲ ክንድሕንሲ፡ ሓጥኣን ምኳንና ክንእመንዶ ኣድላዪ እዩ?
3. ስለምንታይ እዩ ሞት ናይ የሱስ ንምድሓን ደቂ ሰባት ኣድላዪ ዝኾነ?
4. የሱስ ንከሎ ሰብ ዝኸውን ምድሓንዶ እዩ ዘምጽኤ?

**መረድኢ**

ሓደ ምስዮናዊ ናብ ሓደ ሃገር ኪዓዪ ምስ ከደ፡ ብዛዕባ እቶም ኣብታ ሃገር ዝነበሩ ባረዩ ብርቱዕ ጾር ሓደሮ። ወንጌል ኪነግሮም ከኣ ሃረር ይብል ነበረ። ግናኸዐ ንሳቶም ኩሉ መዓልቲ ኣብ መሮር ኪዓዪ ይውዕሉ ስለ ዝነበሩ፡ ወንጌል ኪነግሮም ምቹእ ጊዜ ሰኣነ። ኣብ ርእሲዚ ከኣ ናባታቶም ከይቀርብ ተከልከለ። ድሕርዚ ንገዛእ ርእሱ ከም ባርያ ተሸጠ። ምሳታቶም እናዓየየ ከኣ ብዛዕባ ፍቕሪ ኣምላኽን፡ ብዛዕባ እቲ ካብ ባርነት ሓጢኣት ነጻ ከውጽእ ዝክዕል ሓይሉን ከበስሮም ከኣለ። እዚ ምስዮናዊ ዝገበሮ፡ ምልክት ናይቲ ክርስቶስ ምእንቲ ኬድሕነና ኢሉ መልክዕ ባርያ ዝለበሶ እዩ። ኣዝዩ ዘገርም ፍቕሪ ይገልጸልና።

## ምስጋር ቀይሕ ባሕሪ

### ቅዱስ ጽሑፍ - ዘጽ. 14፥19-29

19- እቲ ብቕድሚ ሰፈር እስራኤል ዚኸይድ ዝነበረ መልኣኽ ኣምላኽ ድማ ተላዒሉ ንድሕሪኦም ከደ። እቲ ዓንዲ ደበና ከኣ ካብ ቅድሚኦም ተላዒሉ ኣብ ድሕሪኦም ደው በለ።

20 - ናብ መንጎ ሰፈር ግብጽን ሰፈር እስራኤልን ኣተወ። ኣብኡ ከኣ ደበናን ጸልማትን ነበረ፣ ነታ ለይቲ ከኣ ኣብርሃ። ለይቲ ብምልእታ እቲ ሓደ ናብቲ ሓደ ኣይቀረበን።

21 - ሙሴ ድማ ኢዱ ናብ ልዕሊ ባሕሪ ዘርግሔ። እግዚኣብሄር ከኣ ነቲ ባሕሪ ለይቲ ብምልእታ ብብርቱዕ ንፋስ ምብራቕ ኣልገሲ፣ ነቲ ባሕሪ ኣንቀጾ። እቲ ማያት ከኣ ተመቕለ።

22 - ደቂ እስራኤል ድማ በቲ ንቑጽ ናብ ማእከል ባሕሪ ኣተዉ። እቲ ማይ ከኣ ብየማኖ ጸጋሞም ከም መንደቕ ደው በለ።

23 - ግብጻውያን ድማ ኩሎም ኣፍራስ ፈርኦንን ሰረገላታቱን ፈረሰኛታቱን ደድሕሪኦም ገስጊሶም፣ ናብ ማእከል ባሕሪ ኣተዉ።

24 - ኰነ ከኣ ሓለዋ ኣጋ ጽባሕ ምስ ኰነ፣ እግዚኣብሄር ካብቲ ዓንዲ ሓውን ካብ ደበናን ናብ ሰራዊት ግብጻውያን ጠመተ፣ ንሰራዊት ግብጻውያን ኣሸበሮም።

25 - ነቲ ሰረገላታቶም ከኣ መንኰራኵሩ ኣምለቑ። ብጭንቂ ተጓዕዙ። ግብጻውያን ከኣ እግዚኣብሄር ኣብ ክንዳኦም ምስ ግብጻውያን ይዋጋእ ኣሎ እሞ፣ ካብ ቅድሚ እስራኤል ንህደም በሉ።

26 - እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፣ ኢድካ ናብ ልዕሊ ባሕሪ ዘርግሕ እሞ፣ እቲ ማያት ናብ ልዕሊ ግብጻውያን ናብ ልዕሊ ሰረገላታቶምን ፈረሰኛታቶምን ይምለስ በሎ።

27 - ሙሴ ከኣ ኢዱ ናብ ልዕሊ ባሕሪ ዘርግሔ፣ እቲ ባሕሪ ድማ ብጊዜ ጽባሕ በርቲዑ ናብ ምውሓዙ ተመልሰ፣ ግብጻውያን ከኣ ኪሃድሙ ከለዉ ተጓነፍዎ። እግዚኣብሄር ድማ ንግብጻውያን ናብቲ ማእከል ባሕሪ ደርበዮም።

28 - እቲ ማያት ከኣ ተመልሰ፣ ነቶም ደድሕሪኦም ናብ ባሕሪ ዝኣተዉ፣ ንሰረገላታትን ንፈረሰኛታትን ንኹሉ ሰራዊት ፈርኦንን ድማ ደፈኖም። ካባታቶም ሓደ እኳ ኣይተረፈን።

29 - ደቂ እስራኤል ግና ኣብ ማእከል ባሕሪ ብንቑጽ ከዱ፣ እቲ ማያት ከኣ ብየማኖ ጸጋሞም ከም መንደቕ ኰነሎም።

**ዚጽናዕ ጥቕሲ፡፡** ብእምነት ከም ብንቑጽ ምድሪ ገይሮም ንባሕሪ ኤርትራ ተሳገርዎ፣ ግብጻውያን ግና ከምኡ ክገብሩ ምስ ፈተኑ፣ ተዋሕጡ። እብ. 11፥29።

## መዓልታዊ ትምህርቲ

**ጊዜ፡፡** 1491 ቅ.ል.ክ.፣ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ኣቢሉ።
**ሰፈር፡፡** ብሰሜን ናይ ቀይሕ ባሕሪ።

ቀንዲ ሓሳባት፡፡ ናይ ሎሚ ትምህርትና፡... ነቲ ዓቢ ባሕሪ ምስጋር፡ ሰብ ካብ ሓጢኣት ናብ ጽድቂ ዝተሳገረሉ፡ ማለት ካብ ላዕሊ ዚውለደሉ፡ ዘመልክት እዩ።

**መግለጺ**

1. **ንጉዕዞ ዝተዳለዉ ህዝቢ፡፡** ኣብ ናይ ዝሓለፈ ትምህርትና፡ እስራኤላውያን ፋስጋኦም ከብዕሉ ከለዉ ሓዲግናዮም። ካብቲ ዝበልዕዎ መግቢ ሓይሊ ረኺቡ፡ ንጉዕዞ ተዓጢቖም ነበሩ። ኵሉ ምስኦም ኪወስድዎ ዝኽእሉ ዘበለ ከኣ ጠርነፍዎ፡ ኣምልኮኦምን እምነቶምን ትብዓቶምን ኪዓቢ - መረ። እዚ ኵሉ ምስ ተፈጸመ እታ ዝጽበይዋ ዝነበሩ ሰዓት መጸት። ፍርቂ ለይቲ ምስ ኰነ፡ እቲ መልኣኽ ሞት እታ ናይ መወዳእታን ዝዓበየትን መዓት ኣምጽኤ። ኣብ ምሉእ ሃገር ግብጺ ከኣ ብርቱዕ ፍርሃት ኰነ። እቲ ምኽኒት ዝከልኦም ዝነበረ ፈርኦን፡ ክሳዕ ዝወግሕ እኳ ምጽባይ ሰኣነ። ብኡብኡ ንሙሴ፡ ሕጂ ምስ ኵሎም ህዝብካዐ ኪድ፡ ኢሉ ለኣኸሉ። ብዘይ ቈልዑ፡ ሽድሽተ ሚእቲ ሽሕ ዝኣክሉ ነበሩ። ካልኦት ሕውስዋስ ህዝቢ ድማ ነበርዎ። ስለዚ ከኵሉ ከኵሎም ክልተ ሚልዮን ኣቢሎም ዝኾኑ ሰባት ካብ ግብጺ ወጹ።

2.. **ጉዕዞ ደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ።** ደቂ እስራኤል ካብ ራዕምሴስ ናብ ሱኮት ተጓዙ። ዘጽ.12፡37፡ ካብኡ ከኣ ናብ ኤታም ተጓዕዙ።

**ክኸዱለን ዝክእላ ሰለስተ መገድታት።** ካብ ግብጺ ናብ ጳላስጢና ዚወስድ ሰለስተ ዓበይቲ መገድታት ነበረ። 1) መገዲ ምድሪ ፍልስጥኤማውያን፡ ዘጽ. 13፡17። ብገማግም ናይ ማእከላይ ባሕሪ ኣቢሉ ዝኸይድ መገዲ። እዚ እቲ ዝሓጸረን ዝጸበቐን ብዙሕ ማይ ዘለዎን መገዲ ነበረ። 2) መገዲ ሹር፡ ዘፍ. 16፡7። እዚ ማእከላይ መገዲ ነበረ። 3) ብደቡብ ከኣ ብመገዲ ቀይሕ ባሕሪ ነበረ።

በታ ዝሓጸረት ሰሜናዊት መገዲ ንምኻድ፡ ደቂ እስራኤል ነቶም ኣብኡ ዝቕመጡ ፍልስጥ ኤማውያን ኪስዕርዎም ነበሮም። "እቶም ህዝቢ ውግእ ምስ ዚርእዩ፡ ተጣዒሶም ናብ ግብጺ ከይምለሱ ኢሉ ነበረ እሞ፡ እታ መገዲ ፍልስጥኤማውያን፡ ንሳ ቐረባ ክነሳ፡ ኣምላኽ ብእኣ ኣይመርሖምን።" ዘጽ.13፡17።

ብመገዲ ሹር ንምሕላፍ ከኣ ካልእ ጭንቂ ነበሮም። እዚ መገዲዚ ፍጹም ምድረ በዳ ስለ ዝነበረ፡ እቶም ህዝቢ ብእኡ ንምሕላፍ ኪፈርሁ ዝክኣል ነይሩ። ኣብ ርእሲዚ ከኣ ንኣታቶምን ንእንስሳታቶምን ዝኸውን ቀለብ ንምርካብ ብዙሕ ትእምርትታት ዘድሊ መገዲ ነበረ። ኣምላኽ ኣርሒቑ ዚርኢ ስለ ዝኾነ፡ ፈርኦን እንደገና ልቡ ኣትሪሩ ንደቂ እስራኤል ከም ዚስዕቦም፡ ይፈልጥ ነበረ። እዚ መገዲ እዚ ከኣ ንደቂ እስራኤል ዝበቅዕ መምለቒ ዝህቦም መገዲ ኣይነበረን።

እታ እተመርጸት መገዲ እምበኣር መገዲ ቀይሕ ባሕሪ ነበረት። ዘጽ.13፡17-18። ካብ

ኤታም - ሚሩ፡ "ለይትን መዓልትን ምእንቲ ከፁዓዙ፡ እግዚኣብሄር ድማ ብመዓልቲ መገዲ ከፀመርሖም ብዓንዲ ደበና፡ ብለይቲ ከኣ ከፀበርሃሎም ብዓንዲ ሓዊ ቀቅድሚኦም ይኸይድ ነበረ።" ዘጽ.13፡21። ብትእዛዝ ኣምላኽ ካብ ኤታም መገዶም ቀየሩ፡ ናብ ደቡብ ወገን፡ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ኣቢሎም ድማ ተጓዕዙ። እዚ ናይቲ ኣምላኽ ምስ ረኸበና፡ ኣብ ጉዕዞ ህይወትና ዚፍጸም ብርቱዕ ለውጢ ምልክት እዩ።

3. **ፈርኦን ደድሕሪ እስራኤል ገስገሰ።** ድሕርቲ ኣብ ግብጺ ዝወረደ ፍርሃት፡ ደቂ እስራኤል ነጻነቶም ምስ ረኸቡ፡ ጉዕዞኦም ቀጸሉ። ንሳቶም ምስ ከዱ፡ ኣብ ግብጺ ሰራሕተኛታት ተሳእኑ፡ እቲ ኣባይቲ ጥራዩ ተረፈ። መሮርውን እንስሳታት ዘይብሉ ከፁ። ንመስርሒ ኣባይቲ ዝከውን ጦብ ተሳእነ፡ ኵሉ እቲ ዕዮታትውን ደው በለ። ደቂ እስራእል መገዶም ምስ ቀየሩ፡ ፈርኦን ዝፈርሁ መሲልዎ፡ ከርክቦም ሓሰበ። በቲ ምድረ በዳ ኣቢሎም መገዶም ምስ ኣቕንዑ፡ በረኻ ውሒጥዎም ኣብ ምድሪ ቀባሕባሕ ዝብሉ ዘለዉ መሰሎ። ብሓደ ወገን ምድረ በዳ፡ በቲ ካልእ ወገን ከኣ ቀይሕ ባሕሪ ስለ ዝነበረ፡ ፈርኦን፡ ብርግጽ ኣብ ኢደይ ኪወድቁ እዮም፡ ኢሉ ሓሰበ። ስለዚ ሽድሽተ ካብቶም ሕሩያት ሰረገላታት ሒዙ ከርክቦም ገስገሰ። እዚ ግብሪ ናይ ፈርኦን ተምሳል ናይቲ ሓይልታት ጸልማት ንነፍስና ዝገብርዎ እዩ። ግናኸ ኣብ ቅድሚ መድሓኒና ደው ክብል ዝክፀል የልቦን። ብሓይሊ ናቱ ከኣ ካብ ሓጢኣት ሓራ ክንወጽእ ንክፀል ኢና። እዞም ሓይልታት ጸልማት፡ ከምቲ ፈርኦን ዝገበሮ፡ ዕድል ኣብ ዝረኸቡሉ እዋን፡ ንነፍስና ናብ ምርኮ ሓጢኣት ኪመልስዋ ብዝክኣሎም ይጽዕሩ እዮም። በዚ ምክፀያትዚ እዩ ንሓጢኣት ካብ ሱሩ ዚምንቈስ ተመክሮ ጸጋ ዘድልየና። ሱር ሓጢኣት እንተ ዘይተመንቈሰ፡ መሊሱ ኪበቁል፡ ናብቲ ናይ ቀደም ምርኮ ሓጢኣት ከኣ ኪመልሰና ይክኣል እዩ።

4. **ደቂ እስራኤል ብባሕሪ ተዓግቱ።** ደቂ እስራኤል ብዘገርም መገዲ ካብ ባርነት ወጹ፡ ግናኸ ናብቲ ናይ ቀደም ባርነቶም ክምለሱ ቁሩብ ተሪፍዎም ነበረ። ናብቲ ባሕሪ ምስ መጹ፡ ኣብ ጥቓ ሚግዳል ሰፈሩ። ስለምንታይ እዮም በቲ ቐልል ዝበለ መገዲ፡ ብርእሲ መትረብ ስወጽ ዘይከዱ፡ ኢልና ንሓስብ ንኸውን። እቲ ከፁሉ ዚፈልጥ ኣምላኽ እዩ በዚ መገዲዚ ዝመርሖም። መትረብ ስወጽውን፡ ልክዕ ከም ቀይሕ ባሕሪ ንምሕላፉ ዘይክኣል ነበረ። በቲ ደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ዝወጹሉ ዘመን፡ ካብ ማእከላይ ባሕሪ ኣትሒዙ፡ ብስወጽ ሓሊፉ ክሳዕ ቀይሕ ባሕሪ ዝበጽሕ ዓቢ መንደቅ ተሰሪሑ ነበረ። ኣብዚ መንደቅዚ ንግብጺ ካብ ምብራቕ ዝመጹ ጸላእቲ ዝከላኸል፡ ብርቱዕ ዕርድታት ነበረ። በዚ መገድዚ ብዘይ ፍቓድ ፈርኦን ኪሓልፉ ኣይምክፀሉን። ፈርኦን ከኣ እንደገና ልቡ ኣትሪሩ ስለ ዝነበረ፡ ኪሓልፉ ኣይምፈቐደሎምን። ስለዚ እስራኤላውያን ኣብ መጻብቦ ኣትዮም ከም ዝነበሩ ከነስተብህል ንክፀል። ብምዕራብን ብደቡብን ኣክፁን ነበሩ፡ ብምብራቕ ባሕሪ ነበረ፡ ብሰሜን ከኣ ፈርኦን ምስ ኵሎም ሰረገላታቱ ይስዕቦም ነበረ። በቲ ዘይክኣል ዝመስል እንተ ዘይኰይኑ፡ ኪሃድሙሉ ዝክፀሉ መገዲ ኣይነበሮምን። ልቢ እስራኤላውያን መኸኸ እሞ፡ ካብ ምድሪ ባርነትና እንተ ዘይንወጽእ ምሔሸና ነይሩ፡ ኢሎም ሓሰቡ። እቲ መራሒኦም ግና እምነቱ ድልዱል ነበረ። "ኣይትፍርሁ፡ ደው በሉ፡ እቲ ምድሓን እግዚኣብሄር......ርኣዩ፡" ኢሉ ድማ ኣህድኦም። እስራኤላውያን ኣብ ዘሸግር ኵነታት በጺሖም ከም ዝነበሩ ዘጠራጥር የልቦን፡ ግናኸዐ ኣምላኸዐነቲ ዘይክኣል ዝመስል ኪገብሮ ሓጐሱን ድሌቱን እዩ። ኣምላኽ ነቲ ዘይክኣል ምእንቲ ኪገብሮ እምነትና እዩ ዘድልዮ።

**5. ዓንዲ ደበናን ሓውን።** ድሕርዚ ኣምላኽ ንምድሓኖም መጸ። መልኣኽ እግዚኣብሄር ብዓንዲ ደበናን ሓውን ተገልጸ። እዚ "መልኣኽ እግዚኣብሄር" ተባሂሉ ዘሎ፡ የሱስ ክርስቶስ ባዕሉ እዩ። ምእንቲ ኪከላኸለሎም፡ ኢሉ፡ ካብቲ ቀቅድሚኦም ኰይኑ ዝመርሖም ዝነበረ ተላዒሉ ኣብ ድሕሪኦም ደው በለ። እቲ ዓንዲ ደበና፡ ንግብጻውያን ደበናን ጸልማትን ነበረ፡ ንእስራኤላውያን ግና ብርሃን ሃቦም። ግብጻውያን ኣዝዩ ስለ ዝጸልመቶም፡ ደቂ እስራኤል እንታይ ይገብሩ ከም ዘለዉ ምርኣይ ሰኣኑ። ምስዚ ከይዱ ግና ግብጻውያን፡ ደቂ እስራኤል ኣብ ኢዶም ከም ዝወደቑ ተኣማሚኖም ነበሩ። ኣምላኽ እንታይ ኪገብር ከም ዝክኣል ጌና ኣይተረድኦምን ነበረ። እቲ ጸላኢ ነፍስና ሰይጣን ከኣ ከምኡ፡ ካብቲ ዘዳለወልና መፈንጠራ ክንመልቕ ዘይንክኣል ይመስሎ ይኸውን። ብርግጽ ብገዛእ ርእስና ጥራይ ክንመልቕ ኣይንክኣልን ኢና። ግናኸ መድሓኒና፡ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ እቲ ጸላኢናን ዓንዲ ደበና ከፀይኑ፡ ንኣና የብርሃልና፡ ንእኡ ግና የጸልምተሉ።

**6. እስራኤላውያን ንቀይሕ ባሕሪ ይሳገሩ።** እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ "በትርኻ፡ ኣልዒልካ፡ ኢድካ ናብ ባሕሪ ዘርግሕ እሞ ምቐሎ.። ሙሴ ድማ ኢዱ ናብ ልዕሊ ባሕሪ ዘርግሐ።" እግዚኣብሄር ከኣ ነቲ ባሕሪ ብብርቱዕ ንፋስ ምብራቕ ኣልገሶ። ደቂ እስራኤል በቲ ጸቢብ ወገን ናይ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ስለ ዝሓላፉ ብሓንቲ ለይቲ ኪሓልፉ ከኣሉ። "እቲ ማይ ከኣ ብየማነ ጸጋሞም ከም መንደቕ ደው በለ።" ብተኣምራታዊ መገዲ ነቲ ባሕሪ ከም ዝሳገርዎ፡ ካብዚ ኣነጺርና ክንርኢ ንክኣል። እቲ ደቂ እስራኤል ዝተሳገሩሉ ክፍሊ ናይ ቀይሕ ባሕሪ፡ ዕምቈቱ 25 ሜትሮ እዩ ይብሃል። ደቂ እስራኤል፡ እቲ ማይ ከም መንደቕ ብየማነ ጸጋሞም ብኢድ ኣምላኽ ተታሒዙ ከሎ፡ ብማእከል ባሕሪ ብንቑጽ ምድሪ፡ ሓለፉ። ግብጻውያን ከኣ ሰዓብዎም። ኣምላኽ ግና ንግብጻውያን ከጨንቖም - መረ። ምናልባሽ እቲ ጸልማት ዝነበረ ደበና ብሃንደበት ከም በርቂ ማሕማሕ ኪብል - ሚሩ ይኸውን። ግብጻውያን ኣዝዮም ፈርሁ። "ኣምላኽ ንመንኰር ኰር ናይ ሰረገላታት ግብጻውያን ስለ ዘምለቖ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ክንዳኦም ይዋጋእ ኣሎ እሞ፡ ካብ ቅድሚ እስራኤል ንህደም በሉ።"

**7. ሰራዊት ግብጺ ጠሓሉ።** "እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኢድካ ናብ ልዕሊ ባሕሪ ዘርግሕ እሞ፡ እቲ ማያት ናብ ልዕሊ ግብጻውያን ይምለስ፡ በሎ።" ሙሴ ከኣ ከምኡ ገበረ። እስራኤላውያን ምስ ሓለፉ፡ እቲ ማይ ናብ ሰፈሩ ተመልሰ እሞ ግብጻውያን ጠሓሉ። ደቂ እስራኤል ብዘገርም ተኣምራት ካብ ኢድ ግብጻውያን ወጹ። ካብዚ ኣዝዩ ዘገርም ዝኸፍአ ተኣምራት ግና ኣሎ። እዚ ከኣ ሓንቲ ነፍሲ ካብ ባርነት ሓጢኣት ናብ ሓርነት ጽድቂ ምስ እትሳገር እዩ። ብሓደ ዚንሳሕ ሓጥእ ኣብ ሰማይ ከይተረረፈ ዓቢ ሓጐስ ይኸውን እዩ። ሉቃስ 15፡7።

**ሕቶታት**

1 ከመይ ኢሎም እዮም ደቂ እስራኤል ኣብ መጻብቦ ኣትዮም ዝነበሩ?
2. እምነቶም ከመይ ነበረ?
3. ስለምንታይ ኢና ብመንፈስ ቅዱስ ክንምላእ፣ ማለት ክንቅደስ፣ ዘድልየና?
4. ብከመይ ዝበለ መገዲ ደቂ እስራኤል ደሓኑ?
5. እቲ ዓንዲ ደበና ንግብጻውያን እንታይ ገበረሎም? ንእስራኤላውያንከ?
6. ኣብ መወዳእታ ሰራዊት ፈርኦን እንታይ ከፍሉ?

**መረድኢ**

**ነቲ ሓራ መውጽኢ ዚግብኦ ምስጋና**

ሓደ መዓልቲ ሊንኮን ዝተባህለ መራሒ መንግስቲ ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፣ ናብ ሓንቲ ከተማ ናይ ኣሜሪካ ኪበጽሑ ከዱ። ምምጻኦም ምስ ተሰምዔ፣ እቶም ብሓገዝ ናይቶም ሓራ ዝወጹ ባሮት ናይ ኣሜሪካ፣ ብዓብዩ ሓጐስ ተቐበልዎም። ኪመጹ ከለዉ ምስ ረኣይዎም፣ መናዲሎምን ባርኔጣኦምን ፊልፊል እናበሉ ብዓቢ ድምጺ ከፍቕድሩን ኪስሕቁን ኪስዕሱን - መሩ። ዓቢ ምስጋና ከም ዝነበሮም ከኣ ብቃላቶም ዓው ኢልም ገለጹሎም። ንሕና ከኣ ነቲ ካብ ባርነት ሓጢኣት ናብ ሓርነት ጽድቂ ኬሳግረና ዝክፍል መራሒናን ጐይታናን ዝከፍለ የሱስ ክርስቶስ ክንደይ ኣጸቢቕና ከነመስግኖ ዘይግብኣና። እዞም ዝሰሜናዮም ሰባት ምድራውን ሓላፍን ነጻነት እዮም ዝረኸቡ፣ ንሕና ግና ሰማያውን ዘይሓልፍን ነጻነት ኢና እንረክብ። ምስጋናና ክንደይ ኣዝዩ ኪዓቢ ዘይግብኦ።

## ትንቢት ቀዳማይ ምጽኣት ክርስቶስ
## ቅዱስ ጽሑፍ - ኢሳ. 9፥1-7

1 - ግናኸዐ ኣብታ እትሸገር ሃገርሲ ጸልማት ኣይኪነብርን እዩ። ኣብቲ ዘመን ቀደም ንምድሪ ዛብሎንን ንምድሪ ንፍታሌምን ከም ዘቃለለን፡ ከምኡ ኣብቲ ዳሕራይ ዘመን ንመገዲ ባሕሪ፡ ንማዕዶ ዮርዳኖስ፡ ነታ ናይ ኣህዛብ ገሊላ ከኽብራ እዩ።

2 - እቲ ኣብ ጸልማት ዚመላለስ ህዝቢ ዓብዪ ብርሃን ረኣየ፡ ነቶም ኣብ ምድሪ ድነ ሞት ዚነብሩውን ብርሃን ኣብርሃሎም።

3. ነቲ ህዝቢ ኣብዛሕካዮ፡ ንሓጎሶም ከኣ ኣዕበኽዎ። ከምቲ ሓጎስ ቅውዕን ከምቲ ምርኮ ኺማቀሉ ኸለዉ ዚሕጐሱን፡ ከምኡ ኣብ ቅድሜኻ ይሕጐሱ።

4 – ነርዑት ጾርን ንበተሪ መንኰብን ንስላዕ ገፋዒኡን ከም ብመዓልቲ ሚድያን ጌርካ ሰበርካዮ።

5 – ሰብ ኣብ ውግእ እተዓጥቀ ዘበለ ኣጽዋርን፡ ብደም እተዓለሰ ክዳንን ኪነድድ፡ ሓዊ ድማ ኪበልዮ እዩ።

6 – ሕጻን ተወሊዱልና፡ ወዲ ተውሂቡና እዩ እሞ፡ እቲ ግዝኣት ከኣ ኣብ መንኲቡ እዩ፡ ስሙውን ግሩም፡ መካር፡ ብርቱዕ ኣምላኽ፡ ኣቦ ዘለኣለም፡ መስፍን ሰላም ኪስመ እዩ።

7 - ብፍርድን ብጽድቅን ካብ ሕጂ ክሳዕ ዘለኣለም ምእንቲ ኼጽንዓን ኬቁማንሲ፡ ኣብ ዝፋን ዳዊትን ኣብ መንግስቱን ዕቤት ግኣቱን ሰላሙን መወዳእታ የብሉን። ቅንኣት እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ነዚ ኺገብር እዩ።

**ዚጽናዕ ጥቕሲ፡** ስሙ ግሩም፡ መካር፡ ብርቱዕ ኣምላኽ ኣቦ ዘለኣለም፡ መስፍን ሰላም ኪስመ እዩ። ኢሳ. 9፥6።

### ትምህርታዊ መጽናዕቲ

**ግዜ።** እዚ ትንቢትዚ ብዘመን ኣሃዝ ኣቦ ህዝቅያስ ብ735-726 ቅ.ል.ክ. ዝተዋህበ እዩ።

**ስፍር፥፥** ኣብ የሩሳሌም፡ ኣብ ዓዲ ነብዩ ኢሳይያስ ዝተዋህበ ትንቢት ኢዩ።

**ቀንዲ ሓሳባት፥፥** ኣብዚ ናይ ሎሚ ትምህርትና፡ ኣውራ ብዛዕባ ዕቤትን ግርማን ናይ ባህሪ እቲ መሲህ ክንምሃር ኢና።

### መግለጺ

**1. ተደለይቲ ናይቲ መድሓኒ።** 1) በዚ እዋንዚ ኢሳይያስ ኣብቲ ዝጸልመተ ኵነታት ናይ እስራኤል ይጥምት ነበረ። እቶም ህዝቢ ብኵሉ መገዲ ኣብ ርባ ድነ ሞት ይቕመጡ ነበሩ።

እቲ በቲ እዋንቲ ንጉስ ዝነበረ፡ ንጉስ ኣሃዝ፡ ከም ይሁዳ ኣስቆሮታዊ ሽያጥ ኣምላኽዐ ብዛዕባ ሃይማኖት ከኣ ግዲ ዘይነበሮ ዝኸፍኤ ኣምልኾ ጣኦት፡ ማለት ኣምልኾ ሞሎኽ ኣብ ኣኽራንን ኣብቲ ቶፌት ዚብሃል ሽንጭሮታትን ኣብ ወጻኢ የሩሳሌምን ኣቔመ። ነዚ ሞሎኽ ዚብሃል ጣኦት ከኣ ቈልዑ ይስውኣሉ ነበረ። 2ይ ነገ. 16፥3። በዚ ግዜዚ ብወርቅን ብሩርን ዝተሰርሑ ጣኦታት ኣብ ምሉእ ይሁዳ የንጸባርቑ ነበሩ። ጠንቈልን ኣስማተኛታትን መናፍስትን ገነኑ። ኢሳ. 2፥6-8, 20, ኢሳ. 8፥19። ኣብ መወዳእታ ዘመኑ ከኣ ንመዓጹ ቤት መቕደስ ዓጸዎ። 2ይ ዜና. 28፥24። ንኣምላኽ ከይስውኡ ኸልኦም፡ እቲ ቤት መቕደስ ከኣ ብርስሓትን ርኽሰትን መልኦ። 2ይ ዜና 29፥5-16። ነቲ ናይ ሓቂ ሃይማኖት ከኣ ዳርጋ ፈጺሙ ኣጽነቶ። ነብዪ ኢሳይያስ ንከፀቱ ኣጠንቀቖ፡ ገንሖ፡ ትእምርትታት ሃቦ፡ ለምኖ፡ ናብ እግዚኣብሄር ኪጽጋዕ ከኣ መዓዶ። ንሱ ግና ገዛእ መገዱ ሒዙ፡ ብ- ካ ካብ ኣምላኽ እምበር ካብ ኵሉ ሓገዝ ይልምን ነበረ።

1) በዚ ምኽንያትዚ ከኣ እታ ሃገር ብጸላእቲ ተወረረት። ኣሶራውያን መጺኦም ንኵላ ይሁዳ ከም ንህቢ መልእዋ። ይሁዳ ኣጸቢቓ ተዋረደት። 2ይ ዜና 28፥19። "ሃገርኩም ባዲማ፡ ከተማታትኩም ብሓዊ ነዲደን፡ ንግርሁኹም ጓኖት ኣብ ቅድሜኹም ይውሕጥዎ፡ ጓኖት ከም ዘፍረስዋ ከኣ ባደመት። ኢሳ. 1፥7። እቲ ንይሁዳ ተሪፍዋ ዝነበረ መሬት ኣዝዩ ሒደት ነበረ። ኢሳ. 1፥9።

2) እዚ ኵነታት ናይ ይሁዳ፡ ምልክት ናይቲ በቲ ክርስቶስ ዝመጸሉ እዋን ዝነበረ ሞራላዊ ኵነታት ናይ ዓለም፡ እዩ። ምልክት ናይታ በቲ ክርስቶስ ዝመጸሉ እዋን፡ ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ሮሜ ዳርጋ ጸኒታ ዝነበረት፡ መንግስቲ ኣይሁድ ድማ ነበረ።

3) በዚ ግዜና ድማ፡ ኬልግስ ዚግብኦ ብርቱዕ ጸልማት ኣሎ። ጸልማት ዝኾነ ልብን ጠዋይ ዝኸፋ ሓሳብን ፍቓድን መሊኡ ኣሎ። ብዙሓት ኣብ ድነ ሞት ዚነብሩ ኣለዉ። ንኣምላኽን ንመንግስተ ሰማያትን ንሕያውነትን ንድሕነትን ንቅዱስ ህይወትን ኪርእይሉ ዘይክእሉ ጸልማት ኣጐልቢብዎም ኣሎ። ኣብ ዓለምና ኣጸቢቑ ጠሚቱ፡ ካብ ሓጢኣት ዘድሕን፡ ንሕሊና ዘበራብር፡ ንልቢ ዘሐድስ፡ መድሓኒ ከም ዘድልያ ከስተብህል ዘይክእል የልቦን።

2. ***ራእዩ ናይ ወጋሕታ ብርሃን።*** ጥ. 1-5። ነቲ ናይቲ ግዜቲ ብርቱዕ ጸልማት፡ ወጋሕታን ተስፋን ኪመጾ - መረ። እቲ መሲህ ሾብዓተ ዘመናት ብድሕርዚ ኣብዚ ሃገርዚ፡ እቲ ዝዓበየ ፍቕሩን ትምህርቱን ተኣምራቱን ኣርኣየ። እዞም ኣብ ጸልማት ዝነብሩ ህዝቢ ከኣ ንምጽኣት ናይቲ ዓቢ ብርሃን ኣማዕድዮም ይርእይዎ ነበሩ። ኣብ ርእሲ እዚ ከኣ ቅድሚ ምጽኣት ናይ ክርስቶስ ገለ ናእሽቱ ብርሃናት ማለት መፈጸምታ ናይዚ ትንቢትዚ፡ ረኣዩ። ሽዑ ንሽዑ ካብቶም ዘጨንቕዎም ዝነበሩ ጸላእቶም ንቕሩብ ግዜ ሓራ ወጹ። ድሕሪ ክልተ ዘመናት ከኣ ካብቶም ጸላእቶም ፍጹም ሓርነት ረኸቡ። እዚ ግና ጽላሎት ናይቲ ኣይሁድ ካብ ነዊሕ ግዜ ኣትሒዞም ዘማዕድውዎ ዝነበሩ ምጽኣት ናይቲ መሲህ ነበረ። ንሱ ምስ መጸ፡ ብዘይ ውግእን ብዘይ ደም ምፍሳስን ፍጹም ነጻነት ከም ዚህብ ተረዲኦም ይጸናንዑ ነበሩ።

እዚ ተስፋታትዚ ዓቢ ምጽንናዕ ነበረ። ካብቶም ሽዑ ዝነበሩ ጸላእቶም ሓርነት ከም ዝረኸቡ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ኣብ መወዳእታ ከኣ ዓቢ ዓወት ከም ዝረኽቡ ዘረጋግጸሎም ነበረ። እቶም ንኣምላኽ ዘገልግሉ ትራፍ፣ ክሳዕ ክንደይ ሒደት ከም ዝኾኑ ብዘየገድስ፣ ኪዕወቱ እዮም ዚብል ተስፋ ሓደሮም። እቲ ናይ ወጻኢ በረኸት ናይቲ መሲህ፣ ንድሕሪት ናብ ግዜኦም ገጹ ወሓዘ። ብርሃን ናይ የሱስ፣ ሾብዓተ ሚእቲ ዓመት ንድሕሪት ንይሁዳ ኣብርሃላ። ሎሚ ከኣ ከምኡ ካልኣይ ምጽኣት ናይ የሱስ ነታ ማሕበሩ ብትብዓትን ተስፋን ከተገል ግልን ክትጽዕርን ክትነብርን የጸናንዓ።

**3. ራእዪ ናይ ንጉስ ክርስቶስ፣** ጥ. 6-7። እዚ ሕጻንዚ ኵሉ ጾርን ሓላፍነትን ሓይልን ናይ መንግስቲ ኪጸውር ዚኽእል ንጉስ ኪኸውን እዩ። ስለምንታይ ደኣ እዩ ሎሚ የሱስ ንጉስ ናይ ኵሉ ህዝቡ ዘይከውን? ኢልና ንሓትት ንኸውን። እቶም ደቂ መዛሙርቱውን እቲ ምስኦም ከሎ፣ ንጉስ ዚኸውን ይመስሎም ነበረ። ግናኸ እቲ መንግስቱ ብግህዶ ኣብ ምድሪ ዘቜመሉ ጊዜ ጌና ኣይመጸን። ቅድም ንሰብ ካብ ሓጢኣቱ ኣንጺሁ ኣብ ውሽጢ ልቡ ዝፋኑ ኪተክል ኢሉ እዩ ዝመጸ። በዚ ጊዜና ከይተረፈ፣ ኣብ ልቢ እቶም ዝኣምንዎን ዘፍቅዎን ይነግስ ኣሎ። መንግስቱ ኣብ ምድሪ ተኺሉ፣ ንኵሉ ህዝቢ ዚገዝኣሉ እዋን ከኣ ይመጽእ ኣሎ። “እቲ ግዝኣት ከኣ ኣብ መንኵቡ” ኪኸውን እዩ።

**ግሩም እዩ፣** “ስሙ ግሩም ኪስመ እዩ።” እቲ ኣምላኽን ሰብን ዝኾነ ባህሩ ብሓቂ ግሩም እዩ። ምጽኣቱ ግሩም መግለጺ ፍቕሪ ናይ ኣምላኽ ነበረ። ግብሩን፣ እቲ ትርጉም ዘሎዎ ተኣምራቱን፣ ቃላቱን፣ እቲ ምስ ኣምላኽ ዘተዓርቐና ፍቕሩን፣ መንግስቱን፣ ኵሉ ብሓቂ ግሩም ነበረ። ከም የሱስን ምጽኣቱን ዘገርም ኣብ ዓለም ኣይመጸን። ነተን ንዓለም ኣጸቢቐን ዘገርማ ሾብዓተ ነገራት ጸብለል ይብለን። ብቐዳማይ ምጽኣቱ ግሩም ፍቕሪ ኣርኣየ፣ ልደቱ ግሩም ነበረ፣ ትሕትናኡን ጸበባኡን ግብሩን ግሩም ነበረ፣ ስቕያቱን ሞቱን ትንሳኤኡን ዕርገቱን እዚ ኵሉ ኣዝዩ ግሩም ነበረ።

ጥበበኛ እዩ። “መካር።” ንሱ ንገዛእ ርእሱን ንኻልኦትን ኪመርሕ ዚኽእል ጥበብ ኣሎዎ። እቲ ብየሱስ ዝመጸ መደብ ናይ ድሕነት፣ ኣዝዩ ዘገርም ጥበብ የርኢ። ኣምላኽን ሰብን ዝኾነ መድሓኒ፣ እቲ ብእኡ ዝተገልጸ ፍቕሪ ኣምላኽ፣ ሕድገት ሓጢኣት፣ ህያብ መንፈስ ቅዱስ፣ ኣቃውማ ማሕበር ክርስቶስ፣ እዚ ኵሉ ደረት ዘይብሉ ሰማያዊ ጥበብ እዩ። በቲ ዝበለጸ መገዲ ገይሩ ናብቲ ዝበለጸ መወዳእታ ዘብጽሓና ኣማኻሪና እዩ። ብእኡ ዝተመርሐ መወዳእታኡ ጥፍኣት ዝኾነ ከቶ የልቦን። እቲ ንደቂ እስራኤል ናብታ ናይ ተስፋ ሃገሮም ብደሓን ዝመርሖም ዓንዲ ደበናን ዓንዲ ሓውን” የሱስ ባዕሉ ነበረ።

**ንሱ መለኮታዊ ባህሪ ኣለዎ።** “ብርቱዕ ኣምላኽ።” የሱስ ካብ ኵሉ ሓጢኣት ፈጺሙ ከድሕን ይኽእል። ብሓደ ግዜ ኣብ ኵሉ ሰፈር ኰይኑ፣ ንኵሉ ሰብ ፍጡን ረድኤት ይህብ። ኵሉ ሓይልታት ኣብ ትሕቲኡ እዩ፣ ኣብ መወዳእታ ንኵሎም ጸላእቱ ሲዒሩ፣ ንዘለኣለም እትቐውም መንግስቲ ከፁክል እዩ። ንህዝቡ ከኣ ክሳዕ መወዳእታ ካብ ሓደ ደረጃ ናብ ሓደ እናሕለፈ፣ ብቕድሚትን ብድሕሪትን እናኸፀከበ ናብ ዓወት ከብጽሖም እዩ።

***መግለጺ ፍቕሪ ናይ ኣቦ እዩ።*** "ኣቦ ዘለኣለም።" እቲ ንሕጅን ንዘለኣለምን ዚኸውን ኣምላኽዐንሰብ ዚህቦ ሕያውነትን፣ ፍቕርን፣ ምሕረትን፣ ድንጋጸን ብየሱስ ተገልጸ።

***መስፍን ሰላም እዩ።*** ሰላምን ሃብትን ዘለዎ መንግስቲ ዘቕውም መስፍን እዩ። እቲ ኣብ መንግስቲ ክርስቶስ ዚመጽእ ሰላም፣ ናይ ወጻኢ ውግእ ዘይብሉ፣ ኣብ መንጎ ገዛእን ተገዛእትን ስምምዕ ዘለዎ፣ ናይ ውሽጣዊ ሰላም ዘለዎ፣ ስነ ስርዓት ዘለዎ፣ ርኽሰት ዘይብሉ፣ ሰላምን በረኸትን ዘጠቓልል እዩ። የሱስ እዚ ዝሰመናዮን ካብኡ ልዕል ዚብልን ሰላም የምጽእ። ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ሰላም ይገብር፣ ንነፍሲ ሰላም የምጽእ። ንኹሉ ነገራት ከሰማምዕ ዚኽእል ሰላምውን የምጽእ።

***ሕጊ ናይ መንግስቲ ኣምላኽዐየምጽእ።*** "ዕቤት ግዝኣቱን ሰላሙን መወዳእታ የብሉን።" እዚ መስፍንዚ፣ ኣብ ሰማይን ምድርን ዘሎ ኵሉ ስልጣን ንእኡ ስለ እተዋህቦ፣ መንግስቱ ኣብ ኢዱ እያ። እዛ መንግስቲ ከኣ ክሳዕ ንኹሎም ጸላእቱ ፈጺሙ መርገጽ እግሩ ዚገብሮም፣ እናዓበየትን እናበርትዐትን ክትከይድ እያ። መንግስቱ ብስርዓት እትምሓደር እያ። ኵሉ ዕዮ ናይ መንግስቱ ብጥበብን ብሕያውነትን እዩ ዚፍጸም። ፈጺሙ ኪግምጠል ዘይክእል መንግስቲ እዩ። ብጽድቅን ጥበብን ሕያውነትን ሓቅነትን ዚምራሕ መንግስቲ ስለ ዝኾነ ከኣ፣ ቅኑዕ ፍርድን ፍትሕን ኣይጐድሎን እዩ።

እምበኣር፣ እቲ ንሓጥኣን ከድሕን ዝመጸ ክርስቶስ፣ እዚ እዩ ባህሩ። ብእኡ እመን። መንግስቱ ንዘለኣለም ኣይክትድምሰስን እያ። ኪድምስሳ ዚኽእል ሓይሊ ፈጺሙ የልቦን። ኵሎም ወትሃደራት ዓለምን፣ ኵሉ ሓይልታት ናይ ክፍኣትን ኣብ ቅድሚኡ ዓነውነው ዚብሉሉ ግዜ ይመጽእ ኣሎ።

እዚ ትንቢት ናይቲ መሲህ፣ ነቶም ብዘበን ኢሳይያስ ዝነበሩ ኣይሁድ ዓቢ ተስፋን ምጽንናዕን ሃቦም። ንኣና ከኣ ካልኣይ ምጽኣት ክርስቶስ ክንደይ ዓቢ ምጽንናዕን ተስፋን ዘይህበና። ንእኡ እናጠመትና፣ ክንደይ ክንጽዕርን ከነገልግልን ከነስልጥን ዘይግባኣና። "እዛ ተስፋ እዚኣ ኣብኡ ዘላቶ ዘበለ ኵሉ፣ ከምቲ ንሱ ንጹህ ዝኾነ፣ ንርእሱ የንጽህ።"

**ሕቶታት**

1. ኵነታት ናይቶም ብግዜ ኢሳይያስ ዝነበሩ ኣይሁድ ከመይ ነበረ?

2. ኵነታቶምዶ ካብዚ ናይ ሎሚ ዘሎና ኵነታት ይኸፍእ እዩ?

3. እቲ ዝርእይዎ ዝነበሩ ወጋሕታ ብርሃን እንታይ ነበረ?

4. እዘን ኢሳይያስ ንክርስቶስ ዝሃቦ ስማት ከመይ ገይረን ኣብ ህይወት የሱስ ይፍጸማ?

ሀ. ግዝኣቱ ኣብ መንከሁ እዩ

ለ. ግሩም

ሐ. መካር

መ. ብርቱዕ ኣምላኽ

ሰ. ኣቦ ዘለኣለም

ረ. መስፍን ሰላም

ሸ. መንግስቱ መወዳእታ የብሉን።

መረድኢ

ሓንቲ ለይቲ ብዙሓት ኣብ ውግእ ዝተኣስሩ ወትሃደራት ብፍርሃትን ተስፋ ምቑራጽን ተኸቢቦም ናብ ሰስፍራኦም ኪድቅሱ ኸዱ። በታ ለይቲ እቲኣ ግና ጨራ ናይ ተስፋ ረኸቡ። ሓንቲ ጃልባ መጺኣ ነበረት እሞ፣ ሓደ ካብቶም እሱራት ከም እትወስድ ተሰምዐ። እዚ ን ኵሎም ጨራ ተስፋ ዚህብ ወረ ነበረ። ነፍስወከፍ እሱር፣ ኣነዶ ኾን እኸውን ሓራ ዝወጽእ? እናበለ ይሓስብ ነበረ። በታ ለይቲ እቲኣ ከኣ ብዛዕባ ዓዶምን ሰቦምን ኪሓስቡ ሓደሩ። ንጽብሒቱ ድሕሪ መጸዋዕታ ስሞም፣ እቲ ቀሺ ናይ ወትሃደራት ከም ዝወጽእ ተነግሩ። ንሱ ንኣምላኽ እናኣመስገነ ወጸ፣ እቶም ዝተረፉ ግና፣ ብእኡ እኳ እንተ ተሓጐሱ፣ ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ብምትራፎም ኣዝዮም ጕሃዩ።

የሱስ ክርስቶስ ካብ ማእሰርቲ ሓጢኣት ሓራ የውጽእ እዩ ዚብል ብስራት ወንጌል ሰሚዕና ኣሎና። ግናኸ ከምዞም ወትሃደራት፣ "ኣነዶ ኾን እየ ሓራ ዝወጽእ?" እናበልና ክንጭነቕን ክንሓስብን ኣየድልየናንእዩ። ብርቱዕ ድሌት ዘሎዎ ዘበለ ሓራ ኪወጽእ ይኽእል እዩ። ሓደ እኳ ሓራ ኪወጽእ ኣይክእልን እየ፣ ኢሉ ተስፋ ኪቘርጽ የብሉን። ካብ ሓጢኣት ሓራ ክንወጸሉ እንኽእል ጨራ ብርሃን ጥራይ ዘይኮነስ ድሙቕ ብርሃን ተዋሂቡና ኣሎ። ስብሓት ንስሙ ይኹን።

## ልደት የሱስ

### ቅዱስ ጽሑፍ - ሉቃስ 2፥1-16

1 - ኰነ ድማ፡ በቲ ቕነ እቲ ኩሉ ዓለም ኪጽሓፍ፡ ካብ ቄሳር ኣውጉስጦስ ትእዛዝ ወጸ።

2 - እዚ እታ ቀሬኔዎስ ኣብ ሶርያ ተሸይሙ ከሎ ዝኾነት ቀዳመይቲ ጽሕፈት እያ።

3 - ሽዑ ነፍሲ ወከፍ ኪጽሓፍ፡ ኩሉ ነናብ ዓዱ ኸደ።

4-5 ዮሴፍ ድማ፡ ካብ ቤት ዳዊትን ካብ ዓሌቱን ስለ ዝነበረ፡ ካብ ገሊላ ካብ ዓዲ ናዝሬት ምስታ ጠኒሳ ዘላ ማርያም ሕጽይቱ ናብ ቤትልሄም እትብሃል ዓዲ ዳዊት ናብ ይሁዳ ኺጽሓፍ ደየበ።

6 - ኰነ ድማ፡ ኣብኡ ከለዉ ጊዜ ሕርሳ በጽሔ።

7 - በኲሪ ወዳ ወለደት ብዓለባ'ውን ጠቕለለቶ፡ ኣብቲ ማሕደር ኣጋይሽ ስፍራ ስለ ዘይነበሮም ድማ ኣብ መብልዕ ማል ኣደቀሰቶ።

8 - ኣብታ ምድሪ እቲኣ ብለይቲ ማሎም ዚሕልዉ ኣብ መሮር ዝሓደሩ ጓሶት ነበሩ።

9 - መልኣኽ እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ጥቓኦም ደው በለ። ክብሪ እግዚኣብሄርውን ኣብ ዙርያኦም ኣብርሄ፡ ብዙሕ ፍርሃት ከኣ ፈርሁ።

10-11 እቲ መልኣኽ ድማ፡ እንሆ ሎሚ መድሓኒ ኣብ ዓዲ ዳዊት ተወሊዱልኩም ስለ ዘሎ፡-ንሱ ከኣ ክርስቶስ ጐይታ እዩ፡- ንኹሉ ህዝቢ ዚኸውን ዓብዩ ሓጐስ ኤበስረኩም ኣሎኹ እሞ፡ ኣይትፍርሁ።

12 - ምልክት ድማ እዚ ይኹንኩም፡ ኣብ መብልዕ ማል ብዓለባ እተጠቕለለ ሕጻን ደቂሱ ክትረኽቡ ኢኹም፡ በሎም።

13-14 ብዙሓት ሰራዊት ሰማይ ድማ ብድንገት ምስቲ መልኣኽ ተጸምቢሮም፡ ክብሪ ንኣምላኽ ኣብ ላዕሊ፡ ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ ኣብ መንጎ እቶም ስምረት ኣምላኽ ዘለዎም ሰባት፡ እናበሉ ንኣምላኽ ኣመስገኑ።

15 - ኰነ ድማ፡ እቶም መላእኽቲ ካባታቶም ናብ ሰማይ ምስ ደየቡ፡ እቶም ጓሶት ንሓድሕዶም፡ እዚ እግዚኣብሄር ዝገለጸልና ክዉን ነገር ክንርኢ፡ ንዑናይ ናብ ቤት-ልሄም ንኺድ ተባሃሃሉ።

16 - ቀልጢፎም ከኣ ኸዱ፡ ንማርያምን ንዮሴፍን ነቲ ሕጻን ከኣ ኣብ መብልዕ ማል ደቂሱን ረኸቡ።

***ዚጽናዕ ጥቕሲ።*** *ክብሪ ንኣምላኽዐኣብ ላዕሊ፡ ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ ኣብ መንጎ እቶም ስምረት ኣምላኽ ዘለዎም ሰባት እናበሉ ንኣምላኽዐኣመስገኑ። ሉ.ቃ. 2፥14።*

## መዓልታዊ ትምህርቲ

**ጊዜ።** የሱስ እተወልደሉ ዓመት።

**ሰፈር።** 9 ወይ 10 ኪሎሜተር ብደቡብ ናይ የሩሳሌም እትርከብ፡ ቤትልሄም ናይ ይሁዳ እትብሃል ዓዲ፡ ዓዲ ቦኣዝን ሩትን ነበረት። ዳዊት ኣብኣ ተወልደ፡ ናይ ወለዶኡ ጽሑፍ ከኣ ኣብኣ ተረኽበ። እቶም ጓሶት ዝነበርዎ መሮር ከኣ ሓደ ኪሎ ሜተርን ፈረቓን ካብ ቤት-ልሄም ይርከብ።

**ቀንዲ ሓሳባት።** ኣምላኽ እቲ ቀደም ዝሃቦ ተስፋታቱ ምስ ፈጸሞ፡ እቲ ንደቂ ሰባት ዘለዎ ዓቢ ፍቕሪ ኣዝዩ ተገልጸ። ኣምላኽ ቅድም ንሰብ ፍጹም ገይሩ ፈጢሩ ኣብ ምድሪ ኣንበሮ። ሰብን እታ ዝቕመጠላ ምድርን ምስቲ ካልእ ኣምላኽ ዝፈጠሮ ኪናጻጸር ከሎ፡ ከም ጸጸር እኳ እንተኸፈ፡ ኣምላኽ ግና ምስ ኣዳምን ሄዋንን ከዕልል ናብ ምድሪ ይወርድ ነበረ። ሰብ ግና ነዚ ፍቕሪዚ ንዒቑ ሓጥኤ። ሰብ ንኣምላኽ ንመገዱን ምፍቃር ምስ ኣቋረጸ፡ ጌና ፍቕሪ ኣምላኽ ኣየቋረጸን። ሰብ ምስ ሓጥኤ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንናይ ዘለኣለም መቕጻዕቲ ተኸፈነ። ግዲኡ ከኣ ምስ ሰይጣን ናይ ዘለኣለም ጸልማት ኰነ። ኣምላኽ ግና ጌና ንሰብ ስለ ዘይጨከነሉ፡ ካብዚ ኵነኔ እዝን ካብ ኢድ ሰይጣንን ከውጽኦ መደበ። ብልደት ናይ የሱስ ከኣ መደቡ ኪፍጽም ሓሰበ። ከምዚ ዘለዎ መስርዕ ጌርካ ነዚ ዝስዕብ ጥቕስታት ኣንብብ፡ ዘፍ. 1፡27-31፣ መዝ. 8፡3-4፣ ዘፍ. 3፡17፣ ሮሜ 5፡12፣ ዘፍ. 2፡17፣ ሮማ 6፡23፣ ዮሃ. 3፡16፣ ሮሜ 8፡1-2፣ ሮሜ 6፡1-8።

### መግለጺ

1. **መእተዊ፡** ሰብ ምስ ሓጥኤ፡ ኣምላኽ ከድሕኖ መደበ። ግናኸ ንሱ ንሕድገት ሓጢኣት ዚኸውን ብቑዕ መስዋእቲ ኣይነበሮን። ሰብ ብሓጢኣት ተመሊኡ ስለ ዝነበረ፡ እቲ ፍጹም ሓጢኣት ዘይፈለጠ የሱስ በይኑ ጥራይ እዩ ብቑዕ መስዋእቲ ኪኸውነሉ ዝከኣል።

ኣዳምን ሄዋንን ጥራዮም ከም ዝኾኑ ምስ ፈለጡ፡ ኣምላኽ ቈርበት እንስሳ ጌይሩ ከደኖም። እዚ ቈርበትዚ ምእንቲ ኪመጽእ ደም ኪፈስስ ናይ ግዲ እዩ። እዚ ደምዚ ከኣ ምልክት ናይ ደም የሱስ እዩ። በቲ እዋንቲ ኣምላኽ ንኣዳም፡ ካብ ዘርኢ ሰበይቲ ዝወጸ፡ ማለት የሱስ፡ ርእሲ እቲ ዘስሓተካ ተመን ኪጭፍልቕ እዩ፡ ኢሉ ኣተስፈዎ። እቲ ተመን ሸኾናኡ ጥራይ እዩ ኪነክስ ዝከኣል። ከምቲ እተነክሰ ሸኾና ንሰብ ዘሳቕዮ፡ ከምኡ ሓይሊ ሰይጣን ንሰብ የሳቕዮ። እቲ ኣምላኽ ተስፋ ዝሃበና ክርስቶስ ግና ንሓይሊ ሰይጣን ኣጥፊኡ ናብ ናይ ዘለኣለም ገሃነም ኪድርብዮ እዩ። እዚ ጥፍኣት ናይ ሰይጣን በቲ ምጭፍላቕ ርእሲ ተባሂሉ ዘሎ ተመልኪቱ ኣሎ።

ኣምላኽ ንኣብርሃም ዝሃቦ ተስፋታት፡ ዘፍ.22፡18፣ ንያእቆብ ዝሃቦ፡ ዘፍ.49፡10 ንዳዊት ዝሃቦ፡ 2ሳሙ, 7፡12-16፣ ንዳንኤል ዝሃቦ፡ ዳን. 9፡24፣ ንኢሳይያስ ዝተዋህበ፡ ኢሳ.9፡6-7፣ 11፡1-9። ዮሃንስ መጥምቕ ምእንቲ ንየሱስ መገዲ ኪዳልወሉ ቅድሚኡ መጸ። ማር.1፡1-3። ንዘካርያስ ንማርያም ድንግል ንዮሴፍ ነዞም ኵሎም ምምጻእ ናይ የሱስን እቲ ምስኡ ዝመጽእ በረኸትን ተነግረሎም። ሉቃስ 1።

**2. ካብ ኣምላኽን ካብ ሰብን ዝኸፈ ውልድነት ናይ የሱስ፡፡** ጥ. 1-5። ኣደ የሱስ ማርያም

ድንግል ነበረት፣ ኣቦኡ ግና ኣምላኽ ባዕሉ ብመንፈስ ቅዱስ እዩ። ዮሴፍ ግና ድሕሪ ምላድ የሱስ ንማርያም ስለ እተመርዓዋ፣ ብስም ጥራይ ኣቦኡ ይብሃል ነበረ። ማርያምን ዮሴፍን ካብ ዘርኢ ዳዊት ነበሩ። እቲ መሲህ ከኣ ካብ ዘርኢ ዳዊት ኪኸውን ነበሮ። ስለዚ የሱስ ብስርዓትን ብሓቅን ወዲ ዳዊት ነበረ። ኵሉ ኣምላኽ ንሰብ ዝሃቦ ተስፋ፣ ኣብ የሱስ ክርስቶስ ተፈጸመ። ዓዲ ማርያም ናዝሬት ናይ ገሊላ ከሎስ፣ ከምቲ ነብዪ ዝበሎ፣ ኣብ ቤት-ልሄም፣ ከተማ ዳዊት፣ ተወልደ። ሚክ, 5፡2። የሱስ ወራስ መንግስቲ ዳዊት ስለ ዝነበረ፣ እቲ ንዳዊት፣ መንግስትኻ ንዘለኣለም ክትቀውም እያ እተባህለሉ ከኣ ምእንቲ ኪፍጸምሲ፣ ኣብ ቤትልሄም ኪውለድ ናይ ግዲ ነበረ። እቲ ዓቢ መሪሕነት ናይ ኣምላኽፀ ንዮሴፍን ማርያምን ከይፈለጡ፣ ብፍቓዶም ዘይኰነስ፣ ብፍልጠት ናይቶም ትእዛዝ ዝሃቡ ሮማውያንውን ዘይኰነ፣ ምእንቲ እቲ ነብዪ ዝተነበዮ ኪፍጸም፣ ኣዲኡ እኳ ካብ ናዝሬት እንተ ከፃት፣ ኣብ ቤትልሄም ተወልደ።

**3. ምላድ የሱስ፡፡** ጥ. 6-7። ዮሴፍን ማርያምን ኣብ ቤትልሄም ምስ መጹ፣ እቲ ማሕደር ኣጋይሽ መሊኡ ጸንሖም እሞ፣ ሰፈር ሰኣኑ። ነቲ ለይቲ እቲ ዚኸውን መዕረፊ መብልዕ ማል ጥራይ ረኸቡ። የሱስ እዚ ሕጂ እንጽበዮ ዘሎና ምጽኣቱ ምስ መጸ ጥራይ እዩ ብክፀሪ ዚመጽእ። እቲ መ- መርታ ምጽኣቱ ምእንቲ ንሰብ ኬድሕን ገዛእ ርእሱ ኪስውእ እዩ ዝመጸ፣ ሕጂ ግና ነቶም ድሑናት ኪወስድ እዩ ዚመጽእ። ኣምላኽ፣ እቲ ፈጣሪ ሰብ፣ ንሰብ ክሳዕ ክንድቲ ስለ ዘፍቀሮ፣ ነቲ ሓደ ወዱ ኣብቲ ዝተሓተ ሰፈር ኪውለድ ፈቐደ። ብዙሕ ጊዜ ኣብ ህይወትና ንክርስቶስ ዚኸውን ሰፈር የብልናን። ልባትና ከፃ፣ ተግባርና፣ ብናይ ዓለማዊ ነገራት ስለ ዝመልኤ፣ ንየሱስ ኰነ ነገልግሎቱ፣ ንጸሎት ኰነ ንሕብረት ምስኡ፣ ሰፈር የብልናን። ንሱ ምእንቲ ምሳና ኪሓብርን ኬድሕነናን ኬፍቕረናን ኢሉ መጸ፣ ንሕና ግና ከም ኣዳምን ሄዋንን ንመገዲ ሓጢኣት ሓሪና ንክርስቶስ ካብ ህይወትና ነውጽኦ። ኣብ ልባትና ንእኡ ዚኸውን ሰፈር የልቦን። ማቴ.6፡24፣ ሉቃ.16፡13።

**4. መዝሙር መላእኽቲ፡** ጥ. 8-14። ገለ ጓሶት በታ የሱስ ዝተወልደላ ለይቲ ኣብ መሮር ከለዉ ብድንገት ክብሪ ኣምላኽዐ ኣብ ዙርያኦም ተራእየ። እቲ ድሙቕ ብርሃን ኣብ ኵሉ ዘመናት ዓለም ምልክት ናይ ኣምላኽዐ ባህርን፣ ጥበብን፣ ፍቕርን ሓይልን ንጽህናን ምስጢራዊ ዝኾነን፣ ዘለኣለማዊ ዝኾነን፣ ህላውነቱ ከኣ ኣብ ኵሉ ዚገልጽ እዩ። እቶም ጓሶት ኣዝዮም ሰምበዱ። ብስራት ወንጌል ዝሰምዑ ቀዳሞት ስለ ዝከፃሉ፣ ኪሕጐሱ እምበር ኪሰምብዱ ኣይነበሮምን። ኣምላኽዐ ብዙሕ ጊዜ እቲ ዝዓበየ በረኸቱ ንትሑታትን ነቶም ኣብ ንኣሽቱ ስርሖም እሙናት ዝከፃሉን ይሰደሎም። እቲ ዝበለጸ መዛሙር ናይ ዳዊት ኣብቲ መዓልታዊ ስርሑን ተመክሮኡን ዝረኸዐ ነበረ። እታ ዝበለጸት ስፍራ ክትህልዋ እትክእል ኣብታ ናትኻ መዝነት እያ።

ነዞም ጓሶት እዚኦም እቲ ዝዓበየ ብስራት ዓለም መጾም። "መድሓኒ....... ተወሊዱልኩም ኣሎ።" ካብቲ ዝኸፍኤን ድንገታዊ ዝኸፃን ጸላኢኦም፣ ሓጢኣት፣ ንሱ ኬድሕኖም እዩ። ብክፀሪ ኣምላኽዐ ተከቢቦም ከለዉ ከኣ፣ ንክርስቶስ ኣብ መብልዕ ማል ከም ዝረኽፀዎ ዝነግር መልእኽቲ ተቐበሉ። ምናልባሽ፣ ከመይ ጌይሩ እቲ ንጉስ ነገስታት ኣብ ከምዚ ዝበለ ሰፈር ኪውለድ ይክእል፣ ዝብል ሓሳባት መጺእዎም ይኸውን። ግናኸ ከምቲ ዝተነግረሎም ተኣዘዙ። ኣምላኽዐ ብዙሕ ጊዜ ነቶም ንክርስቶስ ዝደልይዎ ብመገዲ ትሕትና እዩ ዚመርሖም። ብዙሓት ነቲ መሲህ ምስ መጸ ኣየለለይዎን፣ ሎሚ ከኣ ብዙሓት ኣለዉ ዘየለልይዎ። ንየሱስ ብክፀርን ብግርማን ኪረኽፀዎ ይደልዩ፣ ናብ መብልዕ ማል ዚወስድ መገዲ ትሕትና ምስ ዚሕበረሎም

ግና ምኽፎ ይኣብዩ። ግናኸዐ በዚ መገዲ ትሕትና እዚ እዩ እቲ ዝዓበየ በረኸት ዚርከብ። ሓደ መልኣኽዐ ነቶም ጓሶት ኣብ መብልዕ ማል ንየሱስ ከም ዝረኽብዎ ምስ ነገሮም፡ ካልኦት ብዙሓት መላእኽቲ መጺኦም ብዓቢ ድምጺ፡ "ክብሪ ንኣምላኽዐ ኣብ ላዕሊ፡ ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ፡ ኣብ መንጎ እቶም ስምረት ኣምላኽዐ ዘለዎም ሰባት፡ እናበሉ ንኣምላኽዐ ኣመስገኑ።" እቶም መላእኽቲ ከይተረፉ በቲ ፍቕሪ ኣምላኽ ንድሕነት ሰባት፡ በቲ ንምድላው መገዱ ዘርኣዮ ጥበብ፡ በቲ ነቲ መደቡ ንምፍጻም ዘርኣዮ ሓይሊ፡ ከየመስገንዎ ትም ክብሉ ኣይከኣሉን።

**5. እቶም ጓሶት፡ ነቲ ናይ ተስፋ መሲሀ ረኣይዎ።** ጥ.15-16። እቶም ጓሶት ብቕልጡፍ ነቲ መድሓኒ ኪርእይዎ ከዱ። ንሕና ከኣ ብዛዕባ ክርስቶስ ምስ እንሰምዕ፡ ብቕልጡፍ ክንደልዮ ይግባእ። ነቲ መላእኽቲ ዝሃብዎም ብስራት ኣዝዮም ኣመንዎ። ንሕና ከኣ እንተደኣ ንመድሓኒ ክንረክዐ ኴንና፡ ንምርሒት ናይ መንፈስ ቅዱስ፡ ቃል ኣምላኽዐ ነቶም እሙናት ወንጌላውያን ክንኣምኖም ይግባእ። እቶም ጓሶት ልክዕ ከምቲ ዝተባህለሎም ኵሉ ሓቂ ኰይኑ ረኸብዎ እሞ፡ ነቲ ናይ ሓቂ መድሓኒ ረኣይዎ። እምነቶምን ምእዛዞምን ዓብዪ ዓስቢ ኣምጽኣሎም። ኢሳ. 9፡ 6-7 ማቴ. 1፡18-2፡23።

**ሕቶታት**

1. ስለምንታይ ምላድ ናይ የሱስ ኣድላዪ ከፆ?
2. ከመይ ኢሉ ሰብ ናብ ሓጢኣት ወደቐ?
3. ስለምንታይ እዩ ሰብ ንገዛእ ርእሱ ካብ ሓጢኣት ነጻ ከውጽእ ዘይክእል?
4. ከመይ ኢሉ የሱስ ናብ ዓለም መጸ?
5. ንከመይ ዝበሉ ሰባት ቅድም ተገልጸ?
6. ብምላድ ናይ የሱስ መደብ ናይ ኣምላኽ እንታይ ነበረ?

**መረድኢ**

ኣደ ብትዕግስትን ድኻምን ኣብ ትርኣስ ናይ ሕሙም ውላዳ ክትሕሉ ከላ፡ ንሓንቲ ቤት ምእንቲ ካብ ሓዊ ኬድሕን ንምሉእ ህይወቱ ልሙኽ ዝከፆ ሰብኣይ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ነቶም ዝተጨቈኑን ዝተረስዑን ከጸናንዕ ከሎ ብዝለገቦ ዓሶ ዝሞተ ሰብኣይ፡ እቶም ተላጋቢ ሕማም ስለ ዝከፆ፡ ብሞት ጥራይ ካብቲ ሰፈርቲ ሓራ ኪወጹ ከም ዝኽእሉ እናፈልጡ፡ ብፍተቶም ህይወቶም ምእንቲ ለምጻማት ናይ ኣፍሪቃ ዝውፍዩ ሞራቭያን ምስዮናውያን፡ - እዚ ከኵን፡ ካልእ መስተንክር ዝከፆ ምውፋይ ናይቲ ህይወትን፡ ናይቲ ኵሉ ሰማያዊ ክብሩ ሓዲጉ፡ ገዛእ ርእሱ ከም ሰብ ኰይኑ ትሕት ዝበለ፡ ህይወቱ'ውን ዝወፈየ መድሓኒና ጽላሎት ጥራይ እዩ።

.